# ወርቂ ከም ምልክት ሃብትን መንነትን ኣብ ትግራይ[1]

*ኣባተ ካሳሁን ተፈራ*[2]


**ማራ**

እዚ መፅናዕቲ፣ “ወርቂ” ኣብ ምግላፅ ሃብትን መንነትን ትግራይን ተጋሩን ብምድህሳስ፣ እቲ ኣምር ብመንፅር ግቡእነትን ምሉእነትን ክንደይናይ ምልክት ምዃኑ ይትንትንን ይዝትይን። እዚ ንምዕዋት፣ ብዕሉም ስልቲ ካብ ዝተመረፁ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ (ደርፍታት፣ መደረታት፣ ሕላገታት፣ ታሪኻዊ ሰነዳትን ካልኦት ፅዋታትን)፣ መረዳእታ ብምእካብን ኣገደስቲ ቴማታት ብምንፃርን ዓሚቑ ፅሑፋዊ ትንተናን ዝተያን ተሳሊጡ። “ወርቂ” ዝብል ቃል፣ ፈለማ ከም ስም ማዕድንን ከም ባእታ ኣስማት ዝተፈላለዩ ስፍራታትን ሰባትን ኣብ ትግራይ ብስፍሓት ይርከብ። ብምኽንያት እቲ ዝተጠቐሰ ዝርገሐን ብዘለዎ ውሳኺ ፍታሕን፣ እቲ ኣምር ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብፍላይ ኣብ ቀረባ ምእንተ ህላወ፣ ፍትሕን ሓርነትን ተጋሩን ትግራይን ኣብ ዝተኻየዱን ዝካየዱን ዘለዉ መስተንክራዊ ፍፃመታት ንዝተቓለሱን ኣብ ምቅላስ ንዘለዉን ሰብ ታሪኽ፤ ብኣውራ ድማ፣ ንህዝብን ንመሬትን ትግራይ ከም ዝውክል ዝተፈላለዩ ኣብነታት ይሕብሩ። ብመሰረት ክቡርነት እቲ ማዕድን፣ እወንታዊ ፍታሕ እቲ ቃል፣ ብፍላይ ህልው ተርእዮታት ተምሳሌታዊ ኣጠቓቕማታትን ምቕፃል ንቡርን ቅቡልን ልማዳትን፣ ወርቂ ከም ስምን ሕላገትን ተጋሩ፣ ትግራይን ምእንተ እቲ ህዝብን እታ መሬትን ዝሳለጡ ዝተፈላለዩ ዕማማትን ንምግባር ርኡይን ኣድማዕቲ ፃዕርታት ምግባር የድልይ።


**ቀንዲ ኣምራት፡-** ትግራይ፣ ወርቂ፣ ኲናት፣ ጅግንነት፣ ሕላገት፣ ምልክት

---

*[1] ኣብ ቀፅሪ ዓዲ ሓቂ (ዩንቨርስቲ መቐለ)፣ 6 ሚያዝያ 2014 ዓ.ም. ኣብ ዝተሳሰየ ዓውደ ዘተ ዝቐረበ*

*[2] ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋታት ወፃእን ስነ ፅሑፍን፣ ዩንቨርስቲ መቐለ፤ abatekan.1424@gmail.com*

## መእተዊ

ሃገራት ዓለም፣ ብዝተፈላለዩ ቁሳውን መንፈሳውን ነገራት (ፍርያት፣ ዓቕሚ፣ ተፈጥሮ፣ ባህሊ፣ ፍፃመ፣ ታሪኽ፣ ወዘተ.) ይፍለጣ። ብመሰረት ዘለወን ወይ "ኣለና" ዝብለኦ ድማ ብዝተፈላለዩ ስልትታትን ኣማራፅታትን ንባዕለን ይስይማ፣ የላልያን ይጥቀማን። ንኣብነት፣ ነቶም ኣስማት ከም መለለዪ ትእምርቲ ወይ ሕላገት ኣብ ባንዴራ፣ ኣብ ገንዘብ፣ ኣብ ትካላዊ ማሕተማት፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ፍርያት ስራሕቲ ክረኣዩ ብምግባር፣ ከም ኣካል ወይ ዋና መግለፂ ብሄራዊ መንነትን ውሽጣዊ ሓድነትን ይጥቀማ።

እቶም ምስላዊ ሕላገታት፣ ሓንቲ ሃገር ካብ ካልእ (ወይ ፍርያት ሓንቲ ሃገር ካብ ፍርያት ካልኦት) ንምፍላይ ጥራይ ዘይኮነ፣ ከም መፍጠርን መቐፀልን ወሰን ሰገር ምሕዝነትን ፅልዋን ብምኳን የገልግሉ። ብኸምዚ ዝበሉ ምኽንያታትን ፃዕርታትን ከም ዓዲ ኣልማዝ፣ ዓዲ ቡን፣ ዓዲ ጎቦታት፣ ዓዲ ቀላያት፣ ዓዲ ፒራሚዳት፣ ዓዲ ፀሓይ ብራቕ፣ ዓዲ ፍቕሪ፣ ምድሪ ዕድላት፣ ፀሓይ ዘይፀድቀላ ግዝኣት፣ ወዘተ. ዝበሃላ ምህላወን ይፍለጥ። ብፍላይ ብሃብቲ ወርቂ ዝፍለጣ ድማ፣ ከም "ጐልድ ቢች" (ሕ.ግ.ኣ.)፣ "ጐልደን ስቴት" (ካሊፎርንያ፣ ሕ.ግ.ኣ.)፣ ጆቤግ (ደቡብ ኣፍሪካ)፣ "ጐልድ ኮስት" (ጋና)፣ ወዘተ. ኣለዋ። (እተን ኣስማት፣ "ገምገም ወርቂ"፣ "ወርቃዊት ግዝኣት"፣ "ከተማ ወርቂ" ከምኡ እውን "ዶብ ወርቂ" ማለት እየን።)

ብመንፅር እቲ መበገሲ፣ ትግራይ እውን ካብቶም ዘለዋ ቁሳውን መንፈሳውን ነገራት፣ ብፍላይ ብሓደ ክልተ ነገራት ንባዕላ ተላልይን ብኻልኦት ወይ ካብ ካልኦት ትልለይን። እዚ ኣብ ኵሉ ዝነበረን ዘሎን እዩ እሞ፣ ትግራይ ብዓል ጥንታዊ ታሪኽ ወይ ኣብ ኣዝዩ ነባር መንግስቲ መሰረት ዝገበረት ብምኳና፣ እቲ ምጥቃም ምልክታት እውን ንባዕሉ ነባርን ታሪኻውን እዩ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ኣዝዩ ወድዓውን ኣገዳስን ጉዳይ ምኳኑ ይፍለጥ። ኣባይ (2013) "'ታይ፣ መዓዝ፣… ክዝረብ ኣለዎ" ኣብ ዝብል ዛዕባ እንትገልፅ፣ እቲ ኲናት ኣብ ዝካየደሉ እዋን ብዛዕባ መፃኢ ትግራይ ምእማት፣ ባህጊ ምግላፅ፣ ከምኡ እውን ምልክታት፣ ባንዴራን ኣርማን መፃኢት ትግራይ ምውፃእን ምትንባይን ግዜኡ ምኳኑን ብዙሕ ሰብ ዘዝመስሎ ይገብር ምህላዉን ምግላፁ ይዝከር።

ከምቲ ዝተሓበረ፣ ሰብ ትግራይ (ካብ ዘመነ ኣኽሱም ወይ ቅድመ ኣኽሱም ኣትሒዙ) ንነዊሕ እዋን ዝነበረ፣ ዝቐፀለን ዘሎን እዩ እሞ፣ በብግዚኡ ምስ ዝነበሩ ኩነታትን ምዕባለታትን ዝተፈላለዩ ሕላገታት መንነት ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብ ገሊኡ እማ፣ ምስ ምቕያር ንጉስ፣ ሓደሽቲ ባህግታትን ሓቅታትን ምቅይያር ነይሮም። ኣብ ሰናቲም ሓደ ንጉስ እውን፣ ምስ ምቕያር ኩነታት (ንኣ.፦ ምኽስታን)

ለውጥታት ምንባሮም ይፍለጥ። ኣብ ሰናቲም ቀዳሞት ነገስታት (እንዱቢስ፣ ኣፊላስ፣ ዋዜባ፣ ኦሳናስ)፣ ብዘይካ ጣኦታዊ ምልክታት፣ ዘለላታት እኽሊ (ጣፍ፣ ስገም፣ ስርናይ)፣ ኣስማትን ዓሌትን ነገስታት፣ ጭርሖታት ኣይነበሩን። ጭርሖታት ዝተጀመሩ ምስ ምኽስታን ኣኽሱም ይመስል። በቲ በለ በዚ፣ እቶም ባእታታት ሕላገት፣ ከም ኣጠማምታ፣ እምነትን ኣማራፅታትን ሰባት ወይ ብሓፈሻ ሓይሊ ንምፍጣርን ብዝተደለየ ቅኒት ንምግራሕን ካብ ዝጠቅሙ ስልትታት ቅለሳ ይጥቀሱ (ፋቶቪች፣ 2014፣ ገፅ 97)።

ቃላት ብዘይ ሻራዊ ኣገባብ፣ ሓሳብ ከም ዝውክሉ፣ ዝስንዱን ዘሕልፉን ይሕሰብ ነይሩ። ብመሰረት ኣተሓሳስባ ድሕረ ዘመናውነት፣ ቋንቋ ከም መሳርሒ ማሕበራዊ ፍፃመ ወይ ተግባር ይረኣይ (ሂክስን ተይለርን፣ 2008፣ ገፅ 53)። ሓተታ ፅዋ ብምጥቃስ ድማ፣ ቋንቋ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ከም መሳለጢ ዝጠቅም፣ መሳርሒ ምኺኑ ይሕብሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ቋንቋ ንምምካር፣ ንምፍርራሕ፣ ንምጥንቃቕ፣ ንምእዛዝ፣ ወዘተ. ዘገልግል መሳለጢ እዩ። በዚ መንፅር፣ ተመራመርቲ (ንኣ.፦ ፌርክላፍ፣ 2001፤ ሂክስን ተይለርን፣ 2008) ፅዋ፣ ማሕበራዊ ፍፃመ ምኺኑ ይሕበሩ።

ንኣብነት፣ "ቅያና" ዘርእስታ ደርፊ ኤደን (2012) ብዘይካ ታሪኽ ትግራይን ተጋሩን ምዝጋብ፣ ምዝኽኻርን ምውራዕን፣ እቶም ወረስቲ ቅያ ከም ኣያታቶም "ሰብ ስረ" ወይ "ወያነ" ትግራይ ክኾኑ ተላዓዕል። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣረዳድኣ ዝብፃሕ፣ ክንየው እቲ ቃል (መን፣ ንመን፣ ንምንታይ፣ መዓስ፣ ኣብ ከመይ ዝበለ ዓውዲ፣ ወዘተ.) ከም ዝተነገረ ጠመተ ብምግባር እዩ። ቋንቋ፣ ኣካል ማሕበረ ሰብን ከም ማሕበረ ሰባዊ ኩነት ዝረአይ፣ ብማሕበራዊ ኩነት ዝፅለውን ማሕበራዊ ሳዕቤን ዘለዎን ብምኺኑ እዩ (ፌርክላፍ፣ 2001)። ቋንቋ፣ መተግበሪ ብምኺኑ፣ እቲ እመታዊ ፍረ ነገር፣ ሰብ ቅያ ምኺንና "ፍለጡ" እንተይኮነ፣ "ኩኑ" እዩ፥ ቃል ብተግባር። ምግበይ (2013 ዓ.ም.፣ ለ) "ጀጋኑ ኢና እሞ፣ እቲ ጫፍ ጅግነነት ነርእይ፥ ጀጋኑ ኢና ንበል!" ምባሉ ብቓላት እንተይኮነ ብግብሪ እዩ። በዚ ኣረዳድኣ፣ ምስላዊ ሕላገትን ምስኡ ዝዛነቕን ጭርሖ ዝምረፅ፣ ምእንተ ግንዛበ ጥራይ ስለ ዘይኮነ፣ ምእንተ ካልኦት ፍረ ነገራት እዩ።

**ሓተታ**

ብመንፅር እቲ መበገሲ፣ ኣብ ዘየቋርፅ ምስምስን ኩናትን ዝነበረትን እትርከብን ትግራይ ብምንታይ ትፍለጥ? ብኻልእ ኣገላልፃ፣ እቲ ህዝቢ ብኸመይ ዝበሉ ምልክታት መንነት ይግለፅ? ብመንፅር እቲ ዘለዋ ሃብቲ ኮነ ታሪኽ ንቕድሚት ክትእምት፣ ክትምርሽን ክትምዕብልን ዝሕግዝ እንታይ ምልክት፣ ሕላገት፣ ስያመ፣ ዕድል ኣለዋ ወይ የድልይ?

እቲ መመሰሲ ሕቶ ባዕሉ፣ ሓውሲ መልሲ ኣለዎ፥ በቲ ኩናት እንተዘይኮነ፣ ካብ ከምኡ ዝበለ ኩነታት፣ ብዓወት መሰስ ንምባል ብዝግበር ተጋድሎ ስሙይ ምኺን ኣሉ። እንበኣር፣ "ኣታ እዚኣቶም

ከ፣ መን እዮም እንተበሉ?" ብዝብል ሕቶ ተዓጂቡ ዝዝየም "ቅያና" ዘርእስቱ ምልልሳዊ ደርፊ፣ ከያኒት ኤደን (2012 ዓ.ም.)፣ መልሱ "ቅያና፣ ቅያ ናይ መንነት፤ ቅያና፣ ቅያ መስዋእትነት" ከምኡ እውን "ብስረና፣ ብወያነ፣ ብህዝብና፣ ወዘተ. ንልለይ" ምኳኑ፣ እማን በዞም ኣምራትን ፍፃመታትን ትግራይን ትግራውነትን ከም ዝፍለጥ የረድእ። ከምዚ ዝበለ "ቅያ" (ቅያ ቀዳሞት) ብወዝቢ ዝለዓል ኣይኮነንን። እኳ ደኣስ፣ "ትግራይ ንዘመናት ዝተፈላለዩ ውግኣት ዝተኻየደላን መስተንክራዊ ዓወታት ዝተዓተረላን ብምኳና፣ "ጅግንነት" ዝብል ኣምር፣ ካብቶም ኣውራ መግለፅታት ተጋሩ ምኳኑ ይጥቀስ (ኣባተ፣ 2009)። ቅቡልነት እዚ ኣጠማምታን ኣብነታትን ካልኦት ከየንትን ፀሓፍትን ብስፍሓት ዝረኣዩዎ ምኳኖም ስራሕቶም (ፍስሓ፣ 1993፤ ኣስገዶም፣ 2013፤ ያንግ፣ 1997፤ ብስራት፣ 2004) ምድህሳስ ይከኣል። ብዘይካ "ጅግንነት"፣ "ዛ ባንዴራይ" (ኤፍሬም ምስ ኤደን)፣ "ቤተይ"፣ (ሸዊት ምስ ሰመረ) "ፅላል ዳዕሮ"፣ "ሪመይ"፣ ከምኡ እውን "ዋዕሮ" (ኤፍሬም ኣ.፤ ብርሃነ ሃ.) ዝበሉ ወይ በዚኣቶም ትግራይ (ትግራውነት) ዝወከሉ ከየንቲ ኣለዉ።

እታ ሳልሰይቲ ሕቶ፣ ህልው ሃብቲ ወይ ፍሉጥ ታሪኽ ጥራይ እኹል ከም ዘይኮነን፣ እቲ ዝምረፅ ሕላገት፣ ንመፃኢ ዝጥምት፣ ዘእምትን ዘሰጉምን ክኸውን ከም ዘለዎ ተእንፍት። ኣብ ሕርያ ሕላገት፣ ከም ቅቡልነት፣ ግቡእነትን ምሉእነትን ዝብሉ መዐቀንታት ዘድልዩ፣ ብመንፅር ርዝነት እቲ ጉዳይ እዩ። ብኻልእ ኣገላልፃ፣ ምምራፅ ሕላገት፣ ብልዑል ጥንቃቐ ክኸውን ከም ዘለዎ የመላኽት። ብመሰረት ሜድወይን ዎርናቢን (2014)፣ ከም ቀሊልነት፣ ፍሉይነት፣ ተዘካርነት፣ ቅቡልነት፣ ተሓላውነት፣ ተሓላላፍነት፣ ተጠላብነትን ዝበሉ መዐቀንታት ሕላገት ኣገደስቲ እዮም። ንኣብነት፣ እቲ ዝምረፀ ሕላገት ንኹሉ ዜጋ (ዕድመ፣ ፆታ፣ ዘርኢ፣ ሃይማኖት፣ ሞያ፣ ወዘተ. ብዘየገድስ) እዩ እሞ፣ ንምስራፁን ንምጥቃሙን ምቹው፣ ተበሃግን ዝጠቅምን ክኸውን ይግባእ። ስለዚ፣ ብመሰረት ኣገዳስነት እቲ ጉዳይ፣ "ወርቂ" ዝብል ኣምር ካብ ጥንቲ ክሳብ ሎሚ፣ እሞ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ መስተጋብራት "ከመይ"፣ "ክንደየናይ"፣ ከምኡ እውን "ንምንታይ" ሓሳባትን ኩነታትን ንምጥቃስ፣ ንምግላፅን ንምውካልን ይጠቅም ከም ዝነበረ ምድህሳስ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ 40-50 ዓመታት ወይ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝበረኸሉ እዋን፣ ምስቲ መሪሕ ውድብ ዝሰረፀ መንነትን ከምኡ እውን ምልክት መንነትን ባንዴራን ኣብ ታሪኽ (ብፍላይ ስልጣነ ኣኽሱም) መሰረት ይገብር። ቀፃልነት፣ ቅቡልነትን ምሉእነትን ከምዚኦም ዝበሉ ሓቅታትን ተርእዮታትን ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። ንኣብነት፣ ሓደ ሓደ ሰባት ኣብ ዘመነ ሓፀይ ዮሃንስ ዝነበረ ሓይልን ልዕልነትን ከም መነፅር ብምጥቃም፣ ምቕፃል ሸዕኡ ዝነበረ ትግራውነት ከም ዓብዪ መፃኢ ዕማም ይርእዩ። ደብተራ

ፍስሓ (1993 ዓ.ም.) መቐለ እንትኣትዉ፣ እቶም ምስ ምኒልክ ዝመፅኡ ሸወቶት ኣብ ክንዲ እቲ ነባር፣ ሰለስተ ዝሕብሩ ባንዴራ ምሓዘም ብምርኣይ፣ "ናይ ኢትዮጵያ ዕላማ ፃዕዳ ሓሪ ብዓል ስእሊ ኣንበሳ ምስ ዘውዲ እዩ" (ገፅ ፻፴፫)። እቲ ሻዕቱይ ዝነበረ ግን ፫ ሕብሪ ነበረ" ይብሉ። እንበኣር፣ ነቲ ቀዳማይ፣ "እዩ" ምባሎም፣ ዘይተቐዬረን ንቡርን ይመስል፤ ነቲ ዳሕረዋይ "ነበረ" ምባሎም፣ ኣብቲ እዋን ብዝተፈጠረ ኩነታት (ምቕያር ሓይልን ሳዕቤናቱን) ዝኾነ ንምሕባር ይመስል። ስለዚ፣ ብታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዝነበረ ወይ ዘሎ ኣርማ፣ ምስ ሓደሽቲ ምዕባለታትን ወይ ድሕረ ዓበይቲ ፍፃመታት ምርኣይ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ።

ሕላገት ከም ብሄራዊ መንነትን ሓድነትን ምዃኑ ቅድም ተሓቢሩ። ኮልስቶ (2006)፣ ብሄራዊ ምልክታት ከም ምልክት ሓድነት ጥራይ ዘይኮኑ ከም ምልክት ፍልልይ ከም ዝኾኑ ይሕብር። ብተወሳኺ፣ መንነት ከም ካልኦት ምልክታት፣ ብተፈጥሮ ዘይኮነ፣ ብትምህርትን ታዕሊምን ዝምዕብል ብምዃኑ ከም ባንዴራ፣ መዝሙርን ኣርማታት ዝበሉ ብሄራዊ ምልክታት ኣብ ምስረታን ቀፃልነት ሃገርን ኣገደስቲ ምዃኖም ብኣብነታት የረድእ። ዊልትግረን (2014) ድማ ብሄራዊ መንነት፣ ሓሳባዊ ወይ ዝቕረፅን ዝምዕብልን ይኹን ደኣ እንበር፣ ሰባት ኣብ ሃገሮም ክሳብ መስዋትነት ዝግለፅ ዓሚቑን ሓያልን ስምዒት ከም ዝህልዎም ይፍለጥ። በዚ መንፅር፣ "ኣየናይ ባንዴራ፣ መዝሙርን ኣርማን ብዝበለፀ ንትግራይን ንተጋሩን ክገልፀን ክሰርፅን ናብ ስርዓተ ትምህርቲ ክፅንበርን ኣለዎ" ዝብል ዛዕባ ምልዓልን ምፍታሽን መሰረታዊ ነገር እዩ።

እዚ መፅናዕታዊ ፀብፃብ፣ ትግራይ ብወርቅን ተዛመድቲ ቁሳውን ተምሳሌታዊ ኣምራትን ክንደየናይ ከም እትፍለጥ ስፍሕ ዝበለ ዳህሳስ፣ ሓተታን ዝተያን ይገብር። መልዓሊ እዚ መፅናዕቲ እቲ ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ዝተወለዐ ኲናት ብምዃኑ፣ ምስቲ ኣለሻን ሕርያን ምልክት፣ ከምዚ ዝበለ ጫፍ ተፃብኦ ኮነ ቅድመን ድሕረን ተዛመድቲ ዛዕባታት ንምርኣይ ከም መነፅር ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ክልሰ ሓሳባት (ብዝበለፀ ዕምቈት ድማ ምልክታዊ መስተጋብር) ብምውካስ ኣብ ክሊ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ኩነታት ተራእዮም። ከምቲ ዝወረደ ህልቈ መሳፍርት መዓት፣ ንዘመናት ዝነብር ሃሰያን ብምዃኑ፣ ብዝተፈላለየ ኣጠማምታ፣ መፅናዕትታት ምክያድ ኣገዳሲ እዩ (ኣባተ፣ 2013)።

እዚ መፅናዕቲ እንበኣር፣ ኣብ ክሊ "ወርቂ" ዝብል ኣምር፣ ሃብትን መንነትን ትግራይን ተጋሩን ንምንፃርን፣ እቲ ኣምር ክንደየናይ ከም ባእታ ሕላገት ትግራይን ተጋሩን ክኸውን ከም ዝኽእል ንምግላፅ ተሳሊጡ።

## ስነ ሜላ

እቶም ላዕሊ ዝተጠቐሱ ዕላማታት ንምስኻዕ፣ ብዕሉም ስልቲ ካብ ዝተመረፁ ዝተፈላለዩ ድርሰናት (ደርፍታት፣ መደረታት፣ ሕላገታት፣ ታሪኻዊ ሰነዳትን ካልኦት ፅዋታትን) መረዳእታ ተኣኪቡ። ስለዚ፣ ብዘይካ ካብቶም ኣብ መወዳእታ ዝርከቡ ዝርዝር ስራሕቲ፣ ካብ ሽዱሽተ ደርፍታት፣ ሓገዝቲ ሓሳባት ብምውሳድ ንምስፋጥ ፃዕርታት ተገይሩ። እቶም ስራሕቲ፣ 1. *ትግራይ ሃፍታም እያ* (ተወልደ፣ ?)፣ 2. *ኣይመነኹዋን* (ኪሮስ፣ 1984)፣ 3. *ባህሊ* (ኣታኽልቲ፣ 1989) 4. *እንበር ተጋዳላይ* (ኣበበ፣ 1981)፣ 5. *ቅያና* (ኤደን፣ 2012)፣ ከምኡ እውን 6. *ሓኪም የ* (ንጉሰ፣ 2013) እዮም። ካብኡ፣ ኣገደስቲ ቴማታት ብምንፃር ዓሚቑ ፅሑፋዊ ትንተናን ዝተያን ተሳሊጡ። እቲ ዝተፈላለየ ቃላውን ፅሑፋውን መረዳእታ ወይ ብሓፈሻ ፅዋ ብመንፅር ዝተነገረሉ ዓውዲ ወይ ተዛምድቲ ባእታታት ስነ ማሕበረ-ከባቢ ዕሙቕ ዝበለ ትንተናን ዝተያን ተኻይዱ።

## ሓተታን ዝተያን

### ሌላ ትግራይን ወርቅን

ትግራይ፣ ሙባእ ወይ መጀመሪ ስልጣነ ብምዃና ብዕሊ "መበቈል ስልጣነ" ብዝብል ሕላገት እትፍለጥ፣ ብዓልቲ ድሙቕ ህልቈ መሰፍርት ጥንታዊ ታሪኽ፣ ሃብትን መስሕባትን እያ። ብስራት (2004፣ ገፅ 4) ኣይሁድ፣ ክርስትና፣ እስልምናን ዝተፈላለዩ ብዙሓት ስልጣነታትን ብፍላይ ብትግራይ ምእታዎም ይሕብር። እቶም እምነታትን ስልጣነታትን ምጅማሮም ጥራይ ዘይኮነ፣ ንኣማኢት ዓመታት ምፅናሖም እውን ይገልፅ። ብተወሳኺ፣ "ዓበይቲ ነይርና፤ ዓበይቲ ክንከውን ኢና" ዝበሃል ውቁብ ጭርሖ፣ ካብቲ "ወርቃዊ ዘመን" መንግስቲ ኣኽሱም ዝምዘዝ መዳመቒ ትልሚ ዕብየትን ሰግግርን እዩ፥ ኣብ ዝነበረ መሰረት ዝገብር ሎምን መፃእን። "ሓወልትታት ኣኽሱም ጠጠው ዝበሉሉ ዘመን፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ እቲ ዋና ዕብየቱን ሓይሉን ዝበፀሐሉ ዘመን ምዃኑ የረድእ" (ገ. ህይወት፣ ፳፻፲፣ 59)። ብሓፈሻ፣ ትግራይ፣ መሰረት ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ትምህርታዊ፣ ንግዳዊ፣ ህንፃዊ፣ ወዘተ. ሃብቲ ወይ ቅርስታት ምዃና ብሁል እዩ። ኣናብባ ታሪኽ ኢትዮጵያ ናብ ማእኸል ክዘዝው ዝደልዩ ሰባት ድማ እቲ ድሕሪ መንግስቲ ዛጉዌ (ማእኸል ኣብ ሽዋ ዝነበረሉ)፣ ከም ወርቃዊ ዘመን ይርእዩዎ።

ኢምራን (2017)፣ ዮሺኖ (1998) ብምጥቃስ፣ እቲ "መንነት" ዝብል ፅንሰ ሓሳብ፣ ብመልክዕ ትካላት፣ ልማዳት፣ ተግባራት፣ በዓላት፣ ጥበባውን ስነ ፅሑፋውን ውፅኢታትን ቁሳዊ ልባስ ከም ዝወሃቦ ይሕብር። ኣብ ትግራይ እውን፣ እቲ "ስልጣነ" ዝብል ኣምር፣ ቁሳዊ ክመስል ምእንቲ ንፁራት ኣብነታት ስልጣነ (ንኣ፦ ፊደል፣ ዜማ፣ ፅሕፈት፣ ሓወልቲ፣ ውቕር ኣብያተ ክርስቲያን፣ ወዘተ.) ይጥቀሱ።

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣብ ዝጥቀመሉ ሕላገት ዝረአይ ምስሊ ሓወልቲ ኣኽሱም እንከ፣ ወኪል ኣሽሓት ኣሰራት ስልጣነ እዩ። ብፃዕዳ ሕብሪ ምስ ዝተኸተበ ሕላገት፣ ኣብ ሰማያዊ (ዕንቋይ) ርቡዕ ትርብዒት ባይታ፣ ሓወልቲ ኣኽሱም ከም ብሌን ዓይኒ ዘለዋ ምስሊ ዓይኒ ኣላ፤ ሕብሪ እቲ ምስሊ እውን መብዛሕትኡ ፃዕዳ እዩ። ኣብ መንጎ ክልቲኦም ፍርይ ብዝበሉ ፊደላት፣ "ትግራይ" ኣሎ።

ሕላገት ዝወፅአ፣ ብዓይኒ ሃዋፅያንን ሰብ ሃብትን፣ ምስሊ ሓደ ቦታ (ከተማ፣ ዓዲ፣ ወዘተ.) ንምምሕያሽን ቁጠባዊ ዓቕምን ኣዋፃእነትን ንምድንፋዕን እዩ (ሜድወይን ዎርናቢን 2014)። እቲ ዝተጠቕሰ ሕላገት እውን፣ ዕላማኡ ሓድግታትን ባህልን ትግራይ ኣብ ምልላይ፣ ምዕቃብን ምልማዕን ብዝኾነ ትካል ዝተዳለወን ብዕሊ ዝስርሐሉን እዩ። ሓደ ሕላገት ተጠቒሱ እንበር፣ ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩን (ንኣ.፦ ምስሊ ፀሓይ ዘለዎ "ብዓል 13 ኣዋርሕ ብርሃን ፀሓይ"፤ "ግዳም መካነ መዘክር") ትግራይ ምስታ ሃገር ብሓባር እትጠቀመሎም ካልኦትን (ንኣ.፦ ሰለስተ ሕብሪ ምስ ዘለዎ ምስሊ "ምድረ ቀደምት") እውን ዕላማኦም ምስ ምልላይ፣ ምምሕያሽን ምድንፋዕን ሓድግታትን ባህልን ዝሳነይ እዩ።

ኣብ ካልኦት ሃገራት፣ ዓድታት ከምኡ እውን ትካላት ከም ዝግበር፣ እቲ ዕላዊ ባንዴራ ትግራይ፣ ምልክት ትግራይ ወይ መለለዪ ትግራውነት እዩ። ባንዴራ ትግራይ፣ እታ ዓባይ ክፋል ቀያሕ ኮይና፣ ብጫ ዝሕብራ ኮኾብን ኣብቲ ሓደ ጫፍ ድማ ብጫ ስሉስ ኵርናዕን ዘለዋ ቅኑዕ ርቡዕ ኵርናዕ እያ። ብወያናይ ተጋድሎን መስዋትነትን ሰላማን ዕብየታን እተረጋግፅ ትግራይ ዝገልፅ ቁሳዊ (ዝተሓዝ፣ ዝንጥልጠል፣ ዝንብልበል፣ ዝጥቃዕ፣ ዝልበስ፣ ወዘተ.) ምልክት ብሄራዊ መንነት ይሕብር። ምእንተዚ፣ ነቲ ምስሊ ባንዴራ ብዝተፈላለየ ቅዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ናውቲ (ከናቲራ፣ ሻሽ፣ ቆቢዕ፣ መትሓዝ መፍቱሕ፣ ጥራዝ፣ ወዘተ.) ብምስራሕ፣ ብምኽዳን፣ ብምሓዝ፣ ወዘተ. ፍትወትን መንነትን ምግዋሕ ልሙድ እዩ።

እቲ ኲናት ካብ ዝተጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ፣ ኣብ ወፃእ ዝነብሩ ተጋሩ (ምስ ፈተውትን ደገፍትን ደቂ ካልእ)፣ ባንዴራታት ትግራይን ዝነብሩሉ ሃገርን ብምሓዝ፣ "ኲናት ጠጠው ይበል!"፤ "መራሕቲ ኢትዮጵያን ሻዕብያን ብገበን ይከሰሱ!"፤ "ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ገለ ዕንቅፋት ናብ ትግራይ ይእተው!" ዝብሉ መልእኽትታት ብምሓዝ፣ ከም ቁሪ፣ ሃሩር፣ በረድን ካልኦትን ፀገማት ብምፅዋር (እሞ ድማ ኣብ እዋን ወሰን ሰገር ለበዳ ኮቪድ-19)፣ ብስነ ስርዓትን ብዓውታን ድምፆም ኣስሚዖምን የስምዑን ኣለዉ። ብተወሳኺ፣ ብማሕበራዊ ማዕከን ብዝተፈላለዩ ልሳናት ኣንፃር እቲ ወራርን ማሕበረ ሰብ ዓለም ሞትን ስቅያትን ተጋሩ ክፈልጥን ሓላፍነቱ ክዋፃእን፣ ዘዬቋርፅ ተጋድሎ ገይሮምን ይቕፅሉን ኣለዉ። እቶም ቀልቢ ዓለም ዝረኸቡ ተጋሩ፣ እታ ኣብ ጐደናታት ይኹን ኣብ ዝፍንዉዎ መልእኽቲ ዘይትፍለይ ባንዴራ፣

ኣዝያ ተፈላጢት ብምግባርም ከም ምስሊ መልእኽቲ (ኢሞጂ) ኣብ ግልጋሎት ክትኣትው ለበዋታት ምቕራቡ ይፍለጥ። (ብግብሪ እውን ምስ ቅዋም ትግራይን ተጋሩን ዝሳነይ ሓሳብ በቲ ምልክት እወታዊ ግብረ መለሲ ብምሃብ ድጋፍ ወይ ሓበራዊ መትከል ይግለፅን ይፍነውን እዩ።)

ማዕረ ማዕረ እቲ ጥንታዊ ታሪኽ ትግራይ፣ ከም ኣካል እቲ ነዊሕ ታሪኽ፣ ካብቶም ኣዝዮም ክባራት ማዕድናት ሓደ ዝኾነ "ወርቂ" ይጥቀስ። ሓቅነት እዚ ነገር ንምርግጋፅ እቲ ቃል ባዕሉን ንሱ ከም ባእታ ዘለዎም ካልኦት ቃላትን ኣጠቓቕማታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ደርፍታት፣ መደረታትን ካልኦት መስተጋብራትን ዝርከብ ምኳኑ እዩ። እንበኣር፣ ቅደሚ እቶም ኣብነታት ምስ ኣጠቓቕማን ፍታሕን እቲ ቃል ዝለዓሉ ፅዋታት ምርኣይ የድልይ።

ብመሰረት መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ ኣ.ቋ.ኢ. (1989፣ ገፅ 658)፣ ወርቂ፤ "ክቡርን ፅቡቕን፣ መብዛሕትኡ ብጫ፣ ከም ገንዘብን ሽልማትን ዘገልግል ማዕድን" እዩ። ብዘይካ እቲ ሱር ቃል፣ ከም "ወርቂ ዘበ"፣ "ወርቅን ጨርቅን" ከምኡ እውን "ፅቡቕ" (እዋን፣ ፀባይ፣ ወግዒ፣ ወዘተ.) ወይ "ምልኩዕ" ዝብሉ ፍካሬኣዊ ፍትሒታት ኣለዎ። ካሳን ኢማኑኤልን (2000፣ ገፅ 591) ድማ እቲ ቃል ኣብ "ሕጡብ ወርቂ"፣ "ጥማዕ ወርቂ"፣ "ወርቂ ሓዘል"፣ "ወርቂ መርገፍ"፣ "ወርቅ መንበር"፣ "ወርቅ ስኒ"፣ "ወርቅ ዋንጫ"፣ "ወርቂ ጥልፊ"፣...ከም ዝርከብን ብወርቂ ዝተለበጠ ወይ ዝተለኾዐ ዝብል ሓፈሻዊ ፍታሕ ከም ዘለዎን ይሕብሩ። ብተወሳኺ፣ "ወርቃዊ" (ስም ዓይነት ሕብሪ፥ ወርቂ ዝመስል፣ ከም ወርቂ) ዝብል ቅፅልን ከም "ወርቂ ንዘለቀሐ፣ ሓመድ"፣ "ከም ወርቂ ድሙቕ፣ ከም ፀሓይ ምውቕ"፣ ወዘተ. ዝበሉ ኣበሃህላታት ኣብቲ መዝገበ ቃላት ይርከቡ።

ቅድም፣ ወርቂ-ተንከፍ ቃላትን ኣጠቓቕማን ምህላዎም ተጠቒሱ። "ወርቂ" ኣብ ዝተፈላለዩ ስፍራታት ትግራይ ዝርከብ ምኳኑ፣ እቲ ቃል ከም ባእታ ዘለዎም ኣስማት ምስክር እዮም። ንኣብነት፣ ከም ምእካብ ወርቂ (ቃፍታ፣ ወልቃይት) ዳዕሮ ወርቂ (እንዳ ማርያም፣ ኣኽሱም)፣ "ምስጣሕ ወርቂ፣ ሰውሒ ወርቂ" (ኣኽሱም)፣ "ምውፃእ ወርቂ" (ጥቓ ጉያ፣ ቆላ ተንቤን፤ ዓዲ ግራት፤ ዓድዋ)፣ "ወርቂ እምባ" (ተንቤን)፣ "ወርዒ" (በረኻ፣ ሩባ፣ ወረዳ)፣ "ወርቂ ዲኖ" (ጥቓ ሰምረ)፣ ወዘተ. ዝበሉ ኣስማት ኣለዉ። ስሚትን ገብረሚካኤልን (2012)፣ እዛ "ወርዒ" እትበሃል ቃል፣ ካብ "ወርቂ" ከም ዝመፀት ይመጉቱ ደኣ እንበር፣ "ተወረዐ" ምህላዉ ባዕሉ እኹል ይመስል። ብኣውራ ድማ፣ እቲ ቃል ባዕሉ፣ ምስ "ተወረዐ" ብፍታሕ ዝመሳሰል፣ "ወርቀወ" ዝብል ግስ ኣለዎ።

በዘይካ እቶም ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣስማት ስፍራታት፣ ከም "ወርቂ"፣ "ወርቀ"፣ "ወርቅ"፣ ከምኡ እውን "ወርቀይ" ዝበሉ ንብሕቶም ወይ ከም ባእታታት ድርብ ቃላት፣ ኣብ ኣስማት ተጋሩ ይርከቡ።

ንኣብነት፣ ኣፈ ወርቂ፣ ዓምደ ወርቂ፣ ኣመለ ወርቂ፣ ፈትለ ወርቂ፣ ወዘተ. ዝበሉ፣ ካብቶም ዝዉቱራት ስም ተፀውዖ ይጥቀሱ። ከምቲ ቅድም ዝተሓበረ፣ እቲ ቃል፣ ፅቡቕ ነገር (ንኣ.፦ ቃል፣ ኣንደበት፣ ኣመል) ወይ ሃብቲ የመላኽት።

ኣብ ዩንቨርስቲ ኮለራዶ ዝወሃብ "ታሪኽ ዓለም" ዝበሃል ዓይነት ትምህርቲ፣ "ጥንታዊ ስልጣነታት ኣፍሪካ" ዝብል ምዕራፍ ኣለዎ። እቲ መምህሪ ፅሑፍ ከም ዝሕብሮ፣ መንግስቲ ኣኽሱም ብኣዱሊስ ምስ ሮማውያን ንግዳዊ ርክብ ነይሩዋ፤ ሮማውያን ድማ ንስራሕቲ ሰናቲም ወርቂ ካብ ኣኽሱም ይዕድጉ ነይሮም። ምእንተዚ፣ ኣብቲ ወደብን ኣብ ኣኽሱምን ይነብሩን ንግዲ የሰልጡን ነይሮም። ነቲ ዕሙር ንግዲ ኣኽሱም—ሮማ፣ "ወርቂ ዝተነፀፎ መንገዲ" ብምባል ዝገለፀ ፀሓፊ ኣሎ። ክልቲኦን፣ ክርስትና ዝተቐበላ ብምንባረን፣ ሃይማኖታዊ ርክብ እውን ነይሩወን።

እቶም ዝተጠቐሱ ኣስማት ስፍራታት ትግራይ፣ ብደይ መደይ ዝወፀሎም ምኽኑ ዝሕብሩ ኩነታትን ሓቐታትን ኣለዉ። ንኣብነት፣ መስሕባት ትግራይ ዘመላኽት ካርታ ትግራይ 2001 ዓ.ም.፣ ኣብ ሽዱሽተ ዝተፈላለዩ ከባብታት ከም ወርቂ፣ ሳፋየርን መዳብን ዝበሉ መዓድናት ምህላዎምን በቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተዓደለት ምኻናን ይሕብር። ትግራይ፣ ዓዲ ክባር ማዕድናት ምኻና ንምሕባር፣ ንምስልን ስምን ትግራይን ከም ወርቅን ሳፋየርን ብዝበሉ ኣዕናቑ ብምፅብባቕን ምቕላምን ኣብ ማሕበራዊ ማዕከናት ምጥቃዕን ምፍናውን ልሙድ እዩ።

ባራዳስ (1634)፣ ኣብቲ ቅድሚ 400 ዓመታት ዝፀሓፎን ድሕሪ ሞቱ ዝተሓተመ መፅሓፍ፣ ኣብ ትግራይ ኣዝዮም ብዙሓት መዐደንታት ወርቂ ምህላዎም (ምንባሮም) ዘጠራጥር ከም ዘይኮነን፣ ባዕሉ ናብ ተንቤን እንትጐዓዝ ብዙሓት ምርኣዩን ይምስክር። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ዘመን፣ ኣትራኸ ኣብ ገማግም ቀዪሕ ባሕሪ ብምንባሮም እቶም ስፍራታተ ከዪፈለጡ ብትእዛዝ መራሕቲ፣ ይድፈኑ ከም ዝነበረ ይሕበር።

ፓንክረስት (2001) ከም ዘረጋገፆ፣ ገንዘብ ኣኽሱም ኣብቲ ከተማን ከባቢኡን ምንባሩ ጥራይ ዘይኮነ፣ ክረምቲ ክረምቲ ኣብ ጐላጉል ኣኽሱም፣ ወርቂ ምእራይ ንኣማኢት ዓመታት ልሙድ ዕዮ ነይሩ። ክሳብ ቀረባ ድማ፣ "ርእሲ ዮሃንስ" (ጥንታዊ ሰናቲም ነገስታት) ኣብቲ ዝተጠቐሰ እዋን ምድላይ ልሙድ ምንባሩ ይፍለጥ። (ሎሚ እውን፣ ንሃዋፅያን ዝሸጡ ደቂ ዓዲ ምህላዎም እንተ ተወረየ ኣዪገርምን።) ኣብ ሩባ ወርዒ፣ ወርቂ ምእራይ ሎሚ እውን ዘሎን ልሙድን ስራሕ እዩ። ብተወሳኺ፣ ጀነራል ምግበይ ኣብ ቀረባ (11 ነሓሰ 2013፣ ለ) ኣብ ዝገበሮ መደረ፣ ፀላእቲ ብዙሕ ወርቂ ኣዴታት

ትግራይ ምዝራፎም ድሕሪ ምሕባር፣ "እቲ ወርቂ ኣብ መሬትና 'ሎ፤ እንተ ደሊናዮ ክንገብሮ ኢና፤ ካብ ካልእ ዘምፃእናዮ ኣይኮነን..." ምባሉ ይፍለጥ።

ስሚትን ገ.ሚካኤልን (2012)፣ መንግስቲ ኣኽሱም ብሰናቲም ወርቅን ነሃስን ከምኡ እውን ብሰደድ ወርቂ ከም ዝፍለጥ ብምሕባር፣ ፍልፍል እቲ ክቡር መዓድን ብፍላይ ዝተፈላለዩ ስፍራታት (ሩባታት) ትግራይ ምኺኖም ይሕብሩ። ገሊኦም ከም ዓዲ ሰራዋት፣ ማይ ትርንኹ፣ ዝበሉ ኣብ ጥቓ (ከባቢ) ኣኽሱም ዝርከቡ እዮም። እዚ ነገር ብቐዳሞት ፀሓፍቲ (ንኣብ.:- ባራዳስ፣ ኣልቫረስ) ዝተገለፀን ቅድም ኢሉ ኣብ የሓ እውን ኣሰር ስራሕቲ ወርቂ ምንባሩ ስለ ዝንገርን፣ ኣብ ትግራይ ወርቂ ምንባሩን ምህላዉን፣ ተፈሊጡ ዝሓደረ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ስራሕቲ ወርቂ ዝነጥፉ ሰብ ሃብትን ነሃብያንን መበቈሎም ኣኽሱም ምኻኑ ከም መርትዖ የቕርቡ። ፍሊፐሰን (2006) ብምጥቃስ ድማ፣ እቲ ወርቂ ምጥቃምን ምስዳድን ንስልጣነ እቲ ጥንታዊ መንግስቲ ከም ዋና ምኽንያት ምኻኑ ይሕብሩ። እኒ ሃይለማርያም (2007) ድማ፣ ምእራይ ወርቂ ካብ ቅድመ ዘመን መንግስቲ ኣኽሱም ኣትሒዙ ከም ዓብዪን ብቐልጡፍ መሀፍተሚ መንገድን ምኻኑን ድሕሪ ምሕባር፣ እቲ መዓድን ቅጥዒ ብዘይብሉ ኣገባብ ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ዝዋፈረሉ ዕዮ ብምኻኑ እቶም መዐደኒ ስፍራታትን ከባብን ንዝተፈላለዩ ፀገማት ከም ዝቃላዑ ብዝተፈላለዩ ኣብነታት ይሕብሩ።

ኣብ ላዕሊ፣ "ወርቂ" ወይ "ወርቃዊ" ዝበሃል ሕብሪ ምህላዉ ተሓቢሩ። እንበኣር፣ እቲ ሕብሪ (ወርቂ ስለ ዝመስል ይኹን ብኻልእ ምኽንያት)፣ ኣብ ኣልባሳት፣ ህንፃታት፣ ብሎ?ት፣ ምስልታት ሌላ ግልጋሎትን ኣቝሑን፣ ወዘተ. ዝውቱር እዩ። ንኣብነት፣ ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ (ካብቲ መንድቕ መካበብያ ጀሚሩ ኣብቲ ውሽጢ ዘለዉ ህንፃታት፣ ብፍላይ እቲ ኣዳራሽ፣ ቤተ መዘክርን እታ ሉል ሓወልትን) ወርቃዊ ሕብሪ ኣለዎም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ከም መሰቅልን ጉልላትን ኣብያተ ክርስቲያን፣ ገረዓልታ፣ የሓ፣ እንዳ ኣብርሃ ወኣፅበሃን ካልኦት ስፍራታትን ዝርከቡ ኣካውሕን ህንፃታትን ዝውቱር ሕብሪ እዩ።

ወርቃዊ ሕብሪ (ወይ ምስኡ ዝመሳሰል ከም ብጫ፣ ኣራንሻዊ፣ ሽሮኣዊ፣ ወዘተ.) ኣብ ሻንበቆ ስራሕ ናህሲ ባህላዊ ገዛውቲ ትግራይ፣ ኣብ ምየስ፣ ኣብ እዋን ፀሓይ ዕራረቦ፣ ኣብ ዝባፀሐ ፍረ ምረ (በለስ፣ ለሚን፣ ምልዖ፣ ኣራንሺ፣ በናና፣ ዓቤ፣ ወዘተ.)፣ ዕንበባ ገልገለ መስቀል (ካልኦትን)፣ ወዘተ. ዝረአይን ዝወቱርን እዩ።

ቅድም ኢሉ ከም ዝተሓበረ፣ ባንዴራ ትግራይ እውን ሕብራ ብጫ ቀዪሕን ብምዃና ኣብ በዓላትን ፅንብላትን ምስ ዝዳለዉን ዝረኣዩን ውፅኢታት ሕትመት ወርቂ ዝዓብለሎ ሕብራዊ ምርኢት ኣብ ምድማቕን ከም ምልክት ትግራይ ብምዃንን ትጠቅም። እንበኣር፣ ቀዪሕ ካብ ተላዕለ፣ ብስም ቀዪሕ፣ ሓደ ከም ዘይኮነን ዝተፈላለየ ዓይነት እቲ ሕብሪ (ሃኍሬ፣ ደም በጊዕ [ጅኸ]፣ ሜላት፣ ዝዋውዕ [ድሙቕ]፣ ሓመር፣ ደሃናይ፣ ኣዳማዊ፣ ሓወንታይ፣ ወዘተ.) ዝኾነሉ ኣጋጣምታት ብዙሕ ምዃኑን ምዕዛብ ይከኣል። (እዚን እንከ፣ ክልቲኦም ስለ ዝፀላለዉ እውን ይመስል።)

ከምቲ ዝተጠቐሰ ዝበለ ሕብራዊ ምርኢት፣ ኣንስትዮ ምስ ዝገብርኦ ገይፅታት ወርቂ እንትዛነቕ እተን ሰብ ኣዕናቑ ብኣውራኡ ድማ ምስሊ እቲ ዝሳለጥ ፍፃመ ይደምቕን ይኸላዕን። መጋየጺ ካብ ተላዕለ እንበኣር፣ ብፍላይ ኣንስትዮ፣ መጋየጺ ፀጉሪ፣ ግንባር፣ እዝኒ፣ ክሳድ፣ ደረት፣ ኣፃብዕቲ፣ ኢድ፣ ወዘተ. (መብዛሕትኡ ወርቂ፣ መብዛሕትኡ ምስ ዓለባ ዓዲ፣ መብሕትኡ እዋን ኣብ በዓላትን ፅንብላትን) ብምግባር ይደምቃ። ተባዕትዮ ድማ ኣብ ኣፃብዕትን (መብዛሕትኡ ናይ ቃል ኪዳን) ዝዕነቕን የዘውትሩ።

እቲ ሌላ ወርቅን ትግራይን ብዝበለፀ ምሉእ ንምግባር፣ ንድሕሪት ናብ ጥንታዊ ትግራይ ምልስ ብምባል እቲ ኣምር ምስ ትግራይ ዘለዎ ምትሕሓዝ ምርኣይ የድልይ።

**ወርቂ ኣብ ጥንታዊት ትግራይ**

ጥንታዊ ታሪኽ ትግራይ፣ ብዛዕባ መንነትን ስራሕትን ኣብ ከባቢና ዝነበሩን ዝነበራን ቀዳሞት ነገስታትን ህዝብታትን ኣብቶም ዝነበሩሎም እዋናት ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ፍፃመታትን መስተጋብራትን የድህብ። ኣብ መእተዊ እውን "ጥንታዊ" ዝብል ኣምር ካብ ተላዕለ፣ ንግስቲ ሳባ (ማክዳ) ኣብነት እቲ ቅዱም ታሪኽ እያ። ዝተፈላለዩ ሰነዳት ከም ዘዘንትዉዎ፣ እታ ንግስቲ ናብቲ ብጥበብ ዝፍለጥ ንጉስ ሰሎሞን እንትትገይሽ፣ ወርቅን ካልኦት ህያባት ምምላኣ ይንገር። ንኣብነት፣ ኣብ ቅዱስ መፅሓፍ (ዜና መዋዕል፣ ፩፥ ፱)፣ "ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ጒዕዞ፣ ምስ ቀመማትን ኣዝዩ ብዙሕ ወርቅን ክቡራት ኣእማንን እተፀዓና ኣግማል ናብ የሩሳሌም መፀት..." ይብል። ኣባ ጋስፓርኒ ድማ ዓይነትን በዝሕን እቲ ህያብን ክንድኡ ተዋሂቡዎ ከም ዘዩፈልጥን ብኸምዚ የዘንትዉ፡-

ወወሃበቶ ለሰሎሞን ፻ወ፳ መክሊተ ዘወርቅ ወኣፈዋተ ፈድፋደ ብዙሕ ወዕንቈ ክቡረ ወኣልቦ ኣመ መፅአ ብዙሕ ኣፈዋተ ዘከመ ኣሜሃ ዘወሃበት ንግስተ ሳባእ ለሰሎሞን (ጋስፓሪኒ፣ ፶፩)።

ደብተራ ፍስሓ (1890፣ ገፅ ፳፯-፳፱)፣ ኣበ መሊክ (እብነ ሓኪም) ናብ ወላዲኡ ምስ ከደ፣ እግረ መንገዱ "ሕግን ስርዓትን" እስራኤል ምፍላጡ፣ ነቲ ኣምልኮ ናብ ጦብያ (ናብ ኣኽሱም) ምእታዉ፣

“ውሥጣ ኪሎው ብወርቂ” ዝተለቕለቐ (ዝወርቀወ) ቤተ መቅደስ ምህናፁን እታ ቤተ መቅደስ ብክቡር ኣዕናቑ “ከም ፀሓይ እተብርህ ነበረትያ” ይብሉ። “ፀሓይ” ኣብዛ ሓረግን ኣብታ ቅድም ዝተጠቐሰት ኣበሃህላ (…ከም ፀሓይ ምውቕ) ምህላዋ ልዑል ምምስሳል ይሕብር። ብተወሳኺ፣ የሱስ ኣብ ዝተወለደሉ ዘመን፣ ንጉስ ባዜን ምንባሩን ናብ የሩሳሌም ብምኽያድ፣ “…ወርቅን ዝባድን ኣበርኪቱ ተመልሰ ይብሉ” (1890፣ ገፅ ፴፪) ይብሉ። እቶም ነባር ፍፃመታት፣ እቲ ክቡር ማዕድን ኣብ ግዝኣታ፣ ልዑል ዋጋ ዘለዎ ጥሪትን ንዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ዝጠቅም ማዕድን ምንባሩ የረድኡ።

ወርቂ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ልዑል ዋጋ ዘለዎ ምኳኑ ዘረድኡ ብዙሓት ኣብነታት ኣለዉ። እቲ ዋና ነገር፣ ምስቲ ኣብ ክርስትና ልዑል ዋጋ ዘለዎ ዓሰርቱ ትእዛዛት ዝሰፈረሉ ፅላተ ሙሴ ይተሓሓዝ። ዝተፈላለዩ ድርሳናት ከም ዝሕብሩዎ፣ እግዚኣብሔር ብሓዊ ብፅላተ ኪዳን ይምሰል እዩ እሞ፣ ከምቲ ሰማያዊ ጐይታ ዘይሃስስን ነባርን ክኸውን ምእንቲ እቲ ፅላት ብወርቂ ዝተለበጠ ምኳኑ ይንገር (እቲ ወርቂ ወይ ብጫ ዝሕብሩ ሓዊ፣ ህላዌ ፈጣሪ ይውክል)። ብዘይካ ኣብ ፅላት፣ ከከም ዓቕሚ ሕድሕድ ቤተ ክርስቲያንን ግዱሳት ምእመናንን፣ ኣብ ካልኦት ንዋየ ቅዱሳንን ኣብ ከም ዘውድታት፣ ኣልባሳት፣ ፅላላት፣ ኲረሻታት፣ ወዘተ. ዝበሉ ንብረት ነገስታት እውን ወርቂ (ወይ ወርቃዊ ሕብሪ) ምጥቃም ዝነበረ እዩ። ናይዚ ምስክር፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ መዘክር ትግራይ፣ ዝርከቡ ህያባት ራእስታት እዮም።

ኣብቲ “ዓበይቲ ነይርና፣ ዓበይቲ ክንከውን ኢና” ዘበለ *ወርቃዊ ዘመን* መንግሰቲ ኣኽሱም፣ ብፍላይ ሰናቲም ወርቂ ንዓለም ለኻዊ ንግዲ ይስራሕ ምንባሩን እቲ መንግስቲ ልዑል ሃፍቲ፣ ሓይልን ግደን ከም ዝነበሮ ሰነዳት ይሕብሩ። እቲ ነባር መንግስቲ፣ ካብ ዘመነ እንዱቢስ ኣትሒዙ፣ ካብ ሃገራት ትሕቲ ሰሃራዊ ኣፍሪካ ናይ ባዕሉ ገንዘብ ዝሰርሕ እንኮ ግዝኣት ነይሩ (ሃስ፣ 2008)። ምስ ሃገራት ኣፍሪካ ንምንፅፃር እንበር፣ ኣብቲ ዘመን ካብ ዝነበራ ኣርባዕተ ሓያላት ሃገራት ዓለም መንግስቲ ኣኽሱም ምናባሩ ፍሉጥ እዩ። ብመሰረት ሪቻርድ ፓንክረስት፣ እቲ መጀመርያ ዝሰረሐ ንጉስ እንድቢስ፣ ዓለም ለኻውነት ሰናቲም ኣኽሱም ንምርግጋፅ፣ ክብደት ሰናቲም ግሪክ ምሕሳቡ፣ ግእዝን ኣብቲ እዋን ዝበለፀ ተፈላጥነት ዝነበሮ ልሳን (ግሪክ) ምጥቃሙን ይንገር። ብዘመን ንጉስ ኣፊላስ፣ እቲ ንዓለም ለኻዊ ንግዲ ዘገልግል ካብ ወርቂ ዝተሰረሐ ሰናቲም ምስ ናይ ካልኦት (ንኣ.፦ ግሪክ) እንትነፃፀር ፈኲስን ምቹውን ምንባሩ ይንገር።

እቲ ብዓበይቲ ፍፃመታት ዝፍለጥ፣ ንጉስ ኢዛና፣ ቅድሚ ኲሉ (ወላ ቅድሚ ሮማውያንን ኣርመናውያንን)፣ ነቲ ብዕሊ ባዕሉ ዝተቐበሎ እምነት ኣብ ግዝኣቱ ንምስፍሕፋሕ፣ ዝፀነሐ ምስልታት

(ሰርቂ ወርሒ፣ ማሕረም — ጣኦት ኲናት) ብምግዳፍ፣ መስቀል ኣብ ሰናቲም ብምጥቃም መሲሱ (ሃስ፣ 2008)። ብተወሳኺ፣ ድሕሪ ዕውት ወፍሪ፣ ኣብ ባዕሉ ዘፅሐፎን ጠጠው ዘበሎን ሓወልቲ ዝርከብ ፅሑፍ ከም ዝሕብሮ፣ እቲ ንጉስ ኣኽሱማውያን፣ ሂማርያውያን፣ ራይዳን፣ [...] ነቲ ዘይሰዓር ጣኦት ኲናት (ወይ ኤረስ) ሓሙሽተ ምስልታት ሓወልቲ (1 ወርቂ፣ 1 ነሃስ፣ 3 ብሩር) ከም መባእ ብምስራሕ ምሃቡ ይፍለጥ (ቺያሪ፣ 2009፣ ገፅ 153)።

ሰብ ሞያ መፅናዕቲ ሰናቲም ከም ዝብሉዎ፣ ኣኽሱማውያን ወርቂ ኣብ ካልኦት ማዕድናት (ብፍላይ ኣብ ሰናቲም ነሃስን ብሩርን) ብምልባጥ ዝተፈላለዩ ውፅኢታት "ሰለስቱ ኣዕናቍ" ይሰርሑ ነይሮም (ደይ፣ 2011፤ ፓንክረስት፣ 2001፤ ፊሊፕስ፣ 1997፤ ሙንሮ_ሃይ፣ 1991)። ከምዚ ዝበለ ኣሰራርሓ፣ ኣብ ኣኽሱም ዝነበረ ፍሉይ ጥበብ ምዄኑ ኵሎም ይገልፁ። ብሓፈሻ፣ ኣብቲ ጥንታዊ መንግስቲ፣ ዳርጋ ፍርቂ እቲ ገንዘብ ወርቂ ነይሩ፤ ሰናቲም ምስራሕን ምጥቃምን ድማ፣ ዳርጋ ንኣርባዕተ ኣማኢት ዓመታት (3ይ– 7ይ ክ.ዘ.) ዝፀነሐ ልዑል ስልጣነ እዩ። በዚ ምኽንያት፣ ሙንሮ-ሃይ፣ እቶም ሰናቲም ቅደም ሰዓብ ነገስታት ኣኽሱም ንምንፃር ከም ዝሕግዙ ይሕበር። ሙሉ ወርቅ (2002) *"ኣኽሱም ንገርና"* ኣብ ዘርእስታ ግጥሚ፣ እቲ ምስ ስራሕቲ ወርቅን ካልኦት ማዕድናትን ዝነበረ ብጥምቃስ፣ "እኒ መን ነበሩ ... ወርቂ ብሩር ነሃስ ገንዘብ ዝሓተሙ" (ገፅ 6)፣ "...ወንጌለ ወርቅ ማሕደረ ንዋይ ንብረት... " (ገፅ 7) እናበለ፣ ክንደየናይ ከም ዘግረመሉ ብኸምዚ ይዋዘይ፦

ብሩር፣ ስኒ ሓርማዝ፣ ኣልቦ ነሃስ ወርቂ
ርእስን ክሳብ እግረን ዘግይፃ ብዕንቊ
ወሸን ወይዘራዝር፣ ትርኣሰን መኼዳ
ወርቂ ሳእኒ እግረን፣ ካብ ምድሪ ዘኾድዳ
ዝብሉወን ዝነበሩ፣ ምሒር ዝናኣዳ
መን መን ይበሃላ፣ ንዓና ዝወለዳ?

እቶም ሰናቲም ብዛዕባ እቲ ጥንታዊ መንግስቲ ኣዝዮም ብዙሓት ፍረ ነገራት ስለ ዘለዎም ታሪኻዊ ረብሓኦም ዕዙዝ እዩ። ኣብቲ ዘመን ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ነገስታት (ሙብዛሕትኦም ምስ ምስሎምን ኣሰማቶምን)፣ ገይፅታት (ኣኽሊል)፣ እምነታት (ንኣ:- ጣኦታዊ፣ ክርስትና)፣ ፍርያት (ንኣ:- ስገም፣ ስርናይ)፣ ኣልባሳት (ንኣ:- መሸፈን ርእሲ፣ ሻሽ)፣ ከምኡ እውን ዝመሓላለፉ ዝነበሩ መልእኽትታት ወይ ሕላገታት ካብቶም ሰናቲም ምርዳእ ይከኣል። ካብቶም ዝነበሩ ሕላገታት፣ 1. *ሳህለ ወሰላም* (ንጉስ ኣርማሕ)፤ 2. *ሳህለ ለህዝብ* (ንጉስ ሃታዝ፤ ንጉስ ኣርማሕ)፤ 3. *ፍስሓ ለይኩን ለህዝብ*

(ንጉስ ኣርማሕ)፣ 4. *ክርስቶስ ምስለነ* (ንጉስ ዮኤል)፤ 5. *ይሔበሀ እግዚኣብሔር* (ነገስታት ነዙል፣ ኦዋስ፣ ኦሳና)፤ 6. *ለሃገር ዘይደልው* (ንጉስ ዋዜባ)፤ ወዘተ. ዝበሉ ይጥቀሱ።

እቶም ጭርሖታት ካብ እዋን ናብ እዋን ዝተቐያየሩ እንትኾውን፣ እቶም ምስሊ ንጉስ ዝኸብቡ ሸሎማት ኣዕናቑን ዘላታትን (ስርናይ፣ ስገም፣ ጣፍ) ግና ዳርጋ ኣብ ኵሎም ምንባሮም ኣብቶም ዝተረኸቡ ሰናቲም ምርኣይ ይከኣል። ዘለላታት ስገም ብፍላይ ሎሚ እውን ዝቐፀለን ኣብ ኣርማታት ውድባት፣ ብፍላይ ኣብ ሕወሓት ዝነበረ፣ ዘሎን ዝዝመርን (ንኣብ.፦ ዝቐፅል ዘላላ ግጥሚ) ብዓል ብዙሕ ታሪኽን እዩ።

ወሰን ወሰን ስገም ማእኸላ ሓወልቲ

ኮኸብ ኣብ ግንባሩ እዛ ለምለም ሰቲ፤

ፍስሓ (1890፤ 1993፣ ገፅ ፶፯) ከም ዘዘንትዉዎ ድማ፣ ራእሲ ሚካኤል ብንእስነቶም ኣብ ጎንደር ተኣሲሮም ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ ምስ ሓጋዚቶም ብምምኽኻር ካብ ዓይነት እኽሊ፣ ስገም ምምራፆም ይሕብሩ፥ ጣይታ፣ ቅጫ፣ ጠረሾ፣ ገዓት፣ ሓውሲ፣ በሶ፣ ጥሕሎ፣ ቆሎ፣ ስዋ፣ ... ስለ ዝኾውን። ሎሚ እውን፣ ስገም ብፍላይ ኣብ ደጉዓታት ትግራይ ዝውቱር እኽሊ እዩ። እንበኣር፣ ስገም ኣብ ትግራይ ምስ ዘለዎ ረብሓን ተዘውታርነትን፣ ካብቶም ዋና ፍርያት ትግራይ ይሕሰብ።

ካልእ ምስቲ ዘመንን ወርቅን ዝተሓሓዝ ኣብ ዘመን ሓፀይ ካሌብ ምፍፃሙ ዝንገር ኩነት እዩ። ኣብቲ ዘመን (6ይ ክ.ዘ.)፣ እቲ ንጉስን ሰራዊቱን ካብ ወፍሪ ውሽጢ ውሽጢ እንትምለሱ፣ እቲ ዝረግፁዎ መሬት ሓሸው ሓሸው እንተ በለ፣ "ዝኾነ ኾይኑ ተማልኡ" ይብሎም። ገሊኦም ይማልኡ፤ ገሊኦም "ንሓሸዋ ድማ!" ኢሎም ግዲ፣ ከይተማልኡ ይወፅኡ። ካብኡ፣ እቲ ዝሓዙዎ ነገር ወርቂ ምዃኑ ምስ ተፈለጠ፣ ኵሎም ብምሕዛኖም "ዘኣሓዙ ወዘኢኣሓዙ ወርቀ፣ ሕቡረ ተከዙ" ይበሃል፥ ወርቂ ዝሓፈኑን ዘይሓፈኑን ብሓባር ተከዙ — ወርቂ እዩ እሞ፣ እቶም ቀዳሞት ኣብዚሖም ዘይምሓዞም፤ እቶም ዳሕረዎት ብሱሩ ዘይምሓዞም።

ብዮዲት ጉዲት (ጋዕዋ) ኣብ ኣኽሱም ዘጋጠመ ወራር፣ ከም ዋና ምኽንያት ምድካምን ውድመትን እቲ ጥንታዊ መንግስቲ ከም ዝተሓሓዝ ብዙሓት ይዝንትዉ። ግርማ (1991፣ ገፅ 48)፣ ብሰንኪ እቲ ወራር ኣዝዮም ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያንን ቅርስታትን ምዕናዎም ይሕብር። ብተወሳኺ፣ "ጉዲት" መበሊኣ ነታ ብኣዕናቑ ዝተሰረሐት መቅደስ ፅዮን ብሓዊ ብምንዳዳ ምዃኑ፣ እዚ ዝስዕብ ካብ *ክብረ ነገስት ኣኽሱም* ብምውካስ የረድእ፦

ወእምዝ ንፅሕፍ ታሪከ ዘዮዲት […] ወበእከየ ምግባራ ዛቲ ተሰምየት ጉዲት በእንተ ዘኣውዓየት መቅደስ ፅዮን ገበዘ ኣኽሱም ዘተሃንፀት በወርቅ ወበብሩር ወበካደዋ።

ብመሰረት እቲ ውካስ ስራሕ፣ እቲ መቅደስ፣ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ዝሰርሑዎ እዩ። ቅድም ከም ዝተሓበረ፣ ወርቂ ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ምጥቃም ቅድም ኢሉ ብዘመን "ኣበ መሊክ" ዝነበረን ዳሕራይ ድማ ብፍላይ ኣብ ምስራሕ ገንዘብ (ሰናቲም) ንኣማኢት ዓመታት ዝቐፀለን ዓብዪ ስልጣነ እዩ። ድሕሪ እዚ፣ ንዋየ ወርቅ ምንባሩ ንርዳእ፣ ቀሺ ኣልቫረዝ ናብ ኣኽሱም ኣብ ዝገበሮ ዑደትን (1520-1527) ትዕዝብትን ኣብ ዘስፈረሉ መፅሓፍ እዩ። ኣልቫረዝ (1540) ኣብቲ ዝነበረሉ ግዜ ንምኽንያት ፍትሕ ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ዝነበረ ሕጊ ዓዲ፣ ወርቂ ከም ዝዓድይ ይሕበር። ብተወሳኺ፣ ከባቢ ኣኽሱም ክረምቲ ክረምቲ ብኣዝርእቲ ከም ዝሸፈንን ድሕሪ ሓያል ዝናብ ድማ ዳርጋ ኵሉ ሰብ ወርቂ እንትኣርይ ምዕዛቡን ይገልፅ። ዳርጋ ድሕሪ 100 ዓመት ድማ፣ ፈላስፋ ዘርኣ ያዕቆብ (፲፭፻፺፱-፲፮፻፹፭) ካብ ኣኽሱም እንትሃድም 85 ግራም ወርቅን (መዝሙረ ዳዊትን ጥራይ ብምሓዝ ምኻዱ ብኣንደበቱ (ብብርዑ) ከምዚ ምባሉ ይፍለጥ፡-

… ወነሳእኩ ፫ ኣውቅያተ ወርቅ ዘብየ ወመፅሓፈ መዝሙረ ዳዊት በዘእፄሊ ወጐየይኩ ሌሊተ ወኢከሰትኩ ወኢለመኑሂ ሃበ ኣይቴ ኣሓውር (ዘመንፍስ ቅዱስ፣ ፲፱፻፵፰፣ ገፅ ፫)።

እቲ ውሩይ ፈላስፋ ኣብ ዝነበረሉ ዘመን ኣብ ዘጋጠመ ሃይማኖታዊ ናዕቢ ዝነበረን ደሓር ካብቲ ሃገር ዝወፅኣን ማኑኤል ባራዳስ፣ ብዛዕባ ወርቂ፣ ካልኦት ማዕድናትን ብሉፃት ነገራትን እታ ሃብታምን ተበሃጊትን ዝብላ ትግራይ ብስፍሓት ኣብ ዘስፈረሉ መፅሓፍ (ባራዳስ፣ 1634)፣ እቶም ሰየምቲ ትግራይ ወርቂ በብዓመት ይግብሩ ምናባሮም ይገልፅ። ንኣብነት፣ ዓመታዊ ግብሪ፣ ሰየምቲ ሽረን ተንቤንን (ነንሕድሕዶም) 200 ኣውቅያት ወርቂ፣ ሰየምቲ እንደርታን ወጀራትን እውን (ነንሕድሕዶም) 140 ኣውቅያት ወርቂ ከም ዝነበረ ይሕብር። እንበኣር፣ ካብ ኣርባዕቲኦም እኳ፣ ዳርጋ 700 ኣውቅያት ወርቂ ይወሃብ ነይሩ።

ካብ ቀደም ጀሚሩ ክሳብ ቀረባ ስነ ስርዓት ንግስና ኣብ ኣኽሱም ይካየድ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብ እዋን ፅንብል፣ ሓሙሽተ ደናግል ናብቲ ነጋሲ ቅርብ ብምባል ብግእዝ "መኑ ኣንተ?" ይብልኦ፤ ንሱ ድማ "ኣነሰ፣ ንጉስ ፅዮን ውእቱ!" ይብለን፤ ድሕሪ እዚ ምልልስ ነተን ደናግል ከም ህያብ፣ ወርቂ ይህበን (ጎይታ ነፍሱ፣ 2010)። እዚ ንዘመናት ዝነበረ ታሪኻዊ ፍፃመ፣ ኣገዳስነትን ምልክትን እቲ ስነ ስርዓት ዝግበረሉ መንገሲ ስፍራ፣ እቲ ዕላዊ ልሳን፣ እተን ደናግልን እቲ ክቡር ህያብን የረድኡ። "ባህሊ" ከም ባህላውን ታሪኻውን ኩነት ዝግለፅ (ዶንግሽያንግ፣ 2018) ነዚ እዩ።

እዞም ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣብነታት ኣብቲ ዳርጋ ሳላሳ ምእት ዘመን፣ ወርቅን ውፅኢታቱን ኣብ ጥንታዊ ትግራይን ተጋሩን ዝነበሮም ረብሓታት ይሕብሩ። እቲ ክቡር ቁሳዊ ሃብቲ፣ ንዘመናት ኣብ ግልጋሎት ምንባሩ እማን ካብ ኮነ፣ ኣብ ከም ደርፊ ዝበለ ማሕበረ ባህላዊ ፍፃመ ይንፀባረቕ እዩ እሞ፣ ዝተወሰኑ ኣብነታት ብምውሳድ ምርኣይ የድልይ።

### 4.3. ወርቂ ኣብ ደርፍታት ትግራይ

ኣብ ነባር ባህላዊ ደርፍታት፣ ብፍላይ ኣብ ቅነ ኣሸንዳ ከም "ወርቂ ሰዓቱ፣ ስዬ ቍመቱ!"፣ "ኣቲ ዘንጊ ወርቂ፣ ሃዬ! ሃዬ! ከይትወድቂ!"፣ "ኣትዮ ወርቂ መተርኣሳ፣ ክፈትለይ ቦርሳ!"፣ "ንሱ እዩ ንሱ ዬ፤ ንሱ እዩ ንሱ፤ ንሱ እዩ ንሱ ዬ፤ ወርቂ መተርኣሱ"፤ "ንሳ እያ ንሳ ዬ [...] ወርቂ መተርኣሳ!" ዝብሉ ምስ ክቡርነት ወርቂ ዝሕብሩ ተለላታት ግጥሚ ኣለዉ። እንበኣር፣ ኣብቲ ቅነ ኣዋልድን ፀወታን፣ ንሰብን ሃብቲ ሰብን ምስ ወርቂ ምምስሳል ወይ ብወርቂ ምውዳስ ዓብዪ ሰፍራ ከም ዘለዎ ምርኣይ ይከኣል። ብወርቂ ዝውደስ ሰብ፣ ይንኣስ ይዕበይ፣ ሽልማት ንምሃብ ይወናወን። ኣብቲ ምድሪ ብገልገለ መስቀል እትደምቀሉ ዓብዪ በዓልን ቅንያትን እውን ብፍላይ ኣዋለድ "ዮሃንሰይ! ንዓመታ ከምዚ፣ ወለባ ኣብ ርእሰይ!" እናበላ፣ ሲስ ይብላ ብኽበሮን ጣቕዒትን። (ወለባ፣ ብወርቂ ወይ ብሩር ዝስራሕ ገይፂ ርእሲ እዩ።)

ብሽልማት ወርቂ ከም ዝፅበኞን ክቡርነት ወርቂ ዘረድእን "ተወረዐ" ዝብል ቃል ኣሎ፤ ፍታሕ እዚ ቃል "ተሸለመ" ወይ "ፀበቐ" እንትኸውን (ኣ.ቋ.ኢ.፣ 1989፣ ገፅ 433)፣ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ምስ "ወርቂ" ዘለዎም ምምስሳል ይሕብሩ፥ "ተወራዒት ጓል ዘም ጐይተቶት፣ ተሸላሚት ወርቂ ድኰት"፤ "ወናማት መርዑ የ፣ ሰለል ዶ በሉ ተወርዑ የ"። ኣብታ ቀዳመይቲ፣ እቲ ሽልማት ወርቂ እንትኸውን፣ ኣብታ ካልኣይቲ ድማ እቶም መርዑ ሰለል እንትብሉ፣ ከም ዝሸለሙን ዝደምቁን የረድእ።

ክየንቲ ትግራይ (ንኣ.፦ ኪሮስ ኣ.፣ ኣታኽልቲ ሃ. ሚ.፣ ኣበበ ኣ.፣ ኤደን ገ. ስ.፣ ንጉሰ ኣ.፣ ወዘተ.)፣ ኣብ ስራሕቶም ነቲ ኣምር ብዘተፈላለዩ ኣገባብ ምጥቃሞም፣ እታ ቃል ኣብ ባህልን ታሪኽን ትግራይ ዘለዎ ኣገዳስነት ይሕብር። ተወልደ ጅቡቲ (?)፣ *"ትግራይ ሃፍታም እያ"* ኣብ ዝርእሳ ደርፊ፣ ባዕሉ ብዝፃወቶ ክራር ጥራይ፣ ከምዚ ይብል፦

ኣቲ ትግራይ ዓድና፣ ዓዲ ናይ ጀጋኑ፣
በታኺ ክፅብቕ፣ ሓመድ ይኹን እምኑ

ጎቦታት ሩባኺ ወርቂ ተሸፊኑ፣ ማዕድናት ኮሉ...

እቲ ከያኒ፣ ሃብቲ ትግራይ ይዝርዝር እሞ፣ መልሱ ፍሉጥ ዝኾነ ሕቶ ("ትግራይ ድኻ ድያ?") ብምልዓል፣ ባዕሉ "ትግራይ ሃፍታም እያ!" ብምባል ሓቅንቱ የርግፅ። ተወልደ መስፍን፣ ካብቶም ቀዳሞት መስረትቲ ባህሊ ውድብን ብዛዕባ ዕቑር ሃፍቲ ትግራይ ዝደረፈን እዩ (ሰሎሞን፣ 2006)። ተወልደ፣ ትግራይ ሃብታም እንተላ፣ ብሽርሒ ፀላእቲ ድኻ ከም ዝተበሃለት ደሪፉ፤ ኪሮስ ድማ እታ "ድኻ" ዝተበሃለት ትግራይ ናይ እማን ሃብታም ምዃና ብምርኣዩ ኣብ *ኣይመነኹዋን* (1985 ዓ.ም.)፣ ከም ዝስዕብ ይብል፦

ዓዲ እምኒ ተባሂልኪ፣
ዓዲ ወርቂ ሎሚ ኰይንኪ፤
ትግራይ ዓደይ ኰሪዐልኪ፤

ኪሮስ፣ "...ኣብቲ ዝነበረሉን ዝደረፈሉን ግዜ፣ እቲ "እምኒ" ዝተበሃለ፣ ከም ኣብነት "እምነ በረድ" ወይ "ወርቂ"፣ "እቲ በለስ እዩ መዓር" እናበለ፣ ትግራይ ውዒላ ሓዲራ ክባር ምዃና ብኾርዓት ደሪፉ (ኣባተ፣ 2009)። ክንዮው እቲ ቀጥታዊ ፍታሕ፣ እመታዊ ፍረ ነገር ከም ዘለዎ እውን ምግማት ይከኣል። ኣታኽልቲ ድማ "ካብ 'ዞም ኵሎም ጀጋኑ ናይ ትግራይ፣ ኣሉላ ኣባ ነጋ ወርቂ ፅራይ፤ ኣብ ዶግዓሊ፣ ዘበሉዎም ዋይ ዋይ፤ ኣብ ዓድዋ ሰሎዳ፣ ዘበሉዎም ዋይ ዋይ፣ መሬት ፀቢባቶም፤ ፈሪሱዎም ሰማይ" ይብል። ከም 'ዚኦም ዝበሉ ተለላታት፣ ቅድም ኢሎም ዝነበሩን ከከም ኩነታቱ ዛዕባታት ዝተወሰኾምን እዮም። ንኣብነት፣ "፶ ጎማ" ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ከያኒ፣ "ምልሻ ትግራይ ኣታ ተቓላሳይ፤ ኣብ ወልቃይት ፀገደ፣ ዘበልካዮም ዋይ ዋዬ፤ [...] ሎሚ ድያ ተፈልጠት፣ ስረ ትግራዋይ ዬ" ይብል።

ደርፍታት፣ ኣብ ገድሊ ትግራይ ልዑል ግደ ከም ዝነበሮም፣ ነቶም ደርፍታት ብምውካስ እቶም ዝተፈላለዩ ብርክታት እቲ ቃልሲ ዝዝንተውን ዝግለፁን ምዃኑ ምስክር እዩ። ኣበባው (2018)፣ ሙዚቃ፣ ኣብ ገድሊ ትግራይ ኣዝዩ ቃሕ በሃሊ፣ መናእሰይ መለዓዓሊ፣ ርክባት መጠናኸርን መተርንዕን ምንባሩ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምጥቃስ ይገልፅ። ብተወሳኺ፣ ጀነራል ሰዓረ ኣብ 2005 ዓ.ም. ንዝተሰወኡ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣብ ዝተዳለወ ዝኽሪ በዓል፣ "...ፍትሓውነት እቲ ቃልሲ ኣብ ምርዳእ፣ እቲ ህዝቢ ነቲ ቃልሲ ተረዲኡ ክለዓልን ፅንዓትን ሓቦን ተዓጢቑ ፀላእቱ ክስዕርን ኣብ ምግባር ግደ ኪነ ጥበብ ዝዓዘዘ ነይሩ" ምባሉ ይጠቅስ።

ገ.ሚካኤል (2008 ዓ.ም.)፣ መሬት ትግራይ "ሃሰስ ዝበለ ሰብ ተፈጥሮኣዊ ዝኾነ ወርቂ" ከም ዘይስእን ይሕብር እሞ፣ እንተዘየለ እቲ "ብድሙቕ ቀለም ዝተፅሓፈ ዘይሃስስ ታሪኽ፣ ፍሉይ ባህልን ፀጋታትን" ከም ዝረክብ ብምሉእ ፍናን ይሕብር። ንኣብነት፣ ኣብ ክሊ እታ ቃልሲ ዝተወለዐላ ለካቲት፣ ብዙሓት ደርፍታት ምህላዎም ኣብነታት ብምጥቃስ፣ በታ ወርሒ ከም "ቃልሲ፣ ሓርነት፣ ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ልምዓት፣ ዕብየትን ለውጥን" ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ዋኒናት ከም ዘለዓል ይገልፅ። ኣብቶም ደርፍታት፣ እታ ወርሒ ከም "ድምቕቲ፣ ብርሃን፣ ፋና፣

ብርሀቲ፣ ዕንበባ፣ ወርቃዊት ፀሓይ፣ ዋሕታ፣ ወጋሕታ፣ መብራህቲ፣ ወዘተ. ዝበሉ ተመሳሰልቲ ኣምራት ትግለፅ። ኣብ እዋን እቲ ቃለሲ (1979 ዓ.ም.)፣ *ሓዱሽ ብሩህ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ* ዝርእስታ ቅፃይ ግጥሚ፣ እቲ ፀልማት በቲ ብጫን ቀዪሕን ዝሕብሩ ባንዴራ እንትግላህን እቲ ብርሃን ብወርቃዊት ፀሓይ ምምስላን የርእይ።

ድቕድቕ ፀልማት፣ ፀቢብ መደረኽ ተቖልዐ

ወርቃዊት ፀሓይ ጎኒማ፣ ደሃይ ብስራት ተሰመዐ

ስደት፣ ሓሰኻ፣ ወራር... እንጥሓስና ምድሪ ወገሐ...

ብዝተፈላለዩ ደርፍታት ገድሊ ዝፍለጥ ኣበበ ኣርኣያ ኣብ "እንበር ተጋዳላይ" ብፍላይ ኣብ ደርብ ምስ በፀሐ፣ መመሊሱ "ተጋዳላይ ወርቂ፣ ተጋዳሊት ወርቂ [...] ህዝብና ወርቂ፣ ታሪኽና ወርቂ፣ መሬትና ወርቂ" ይብል። እቲ "ወርቂ" ዝብል ቃል ድሕሪ ዓወት (20 ግንቦት፣ 1983 ዓ.ም.) ምውሳኹ፣ ከምቲ ሓደ ሓደ ፀሓፍቲ (ሶ. ኪርክጋርድ፣ ማ. ፎኮ) ዝብሉዎ፣ ባዕላዊ ሓቅታት ቀፀልትን ኣብ መዋዕላዊ ዑደት ዝርከቡ ኩነታት እዮም። ኣብታ ደርፊ፣ ካብቲ እማሬኣዊ ፍታሕ እቲ ቃል፣ ብዝበለፀ ኣብ ፍካሬኣዊ ፍታሕ ጠመተ ይገብር። ብተወሳኺ፣ እቲ ምእንተ እቲ ወርቂ መሬትን ህዝብን ትግራይ ዝጋደልን ዝብዘውን ተጋዳላይ፣ ከም ወርቂ "ኣብ ሓዊ ዝተፈተነ" እዩ እሞ፣ ገድሉ ከም "ብሉፅ" ወይ "ወርቂ" ምርኣይን ወይ ብሓፂሩ ክልተ ኣንፈታዊ ምፅልላው (ዝፀልው ከም ዝፅለው፣ ዝፅለው እውን ከም ዝፀልው) ይሕብር።

ኣብ ሓፂር እዋን ፍሉጥ ዝኾነ፣ ንጉሰ ኣባዲ ድማ "ሓኪም የ" ኣብ ትበሃል ደርፉ፣ ከምዚ ይብል፦

ጠባን ሎም ዘመን ይፈጥጥ ሎ፤

ወርቂ ተፍርይ ግራተይ ይምነያ ሎ

"ወርቂ ሞተር" ዶ ኣይበልካናይ ገዛና መፂኻ

ኣሻብ ኢኻ ደኣ ትግልበጥ ከምታ ቅጫ ዲኻ?

ኣብዛ ቅፃይ ደርፊ ክልተ ዓበይቲ ፍፃመታት ኣለዉ፥ እቲ "ጠባን" ፀላኢ፣ ወርቂ ንዘፍርይ ግራት ንምውራር ምሕሳቡን፤ እቲ ንተጋሩን ንትግራይን ዝነኣደ ጉድ ድማ፣ ድሮ ከካፍእን ከፀልምን ምሕሳቡ ዘስደምም ምዃኑ እዮም። "ግራት" እቶም ዘይናቶም ዘማዕድዉን "ኵሉ ናትና" ዝኣመሎም ፀላእቲ ዝምነዩወን ደቡብን ምዕራብን ክፋላት ትግራይ ይመስል። ካብ ክልቲኦም ድማ፣ እቲ ኣዝዩ ሰፊሕን ከም ሰሊጥ ('ፃዕዳ ወርቂ')፣ መሸላን ካልኦት ዘራእትን ኣትክልትን ዝሕፈሰሉ ወልቃይት፣ ፀገዴ፣ ቃፍታን ሑመራን (ምዕራብ ትግራይ) ይመስል። እቲ ከያኒ "ሓኪም የ" ዝብል፣ እቲ ወኪሎም ኮነ እቶም ጠባናት፣ ነቲ ወርቂ ህዝብን መሬትን ብህረፍ ይምነዩ ብምህላዎም እዩ።

ብዘይካ ኣብቶም ላዕሊ ዝተጠቐሱ ውፅኢታት ጥበብ፣ ኣብ ካልኦት ስራሕቲ እውን ወርቂ ዝብል ኣምር ዝርከብ ምዃኑ፣ ኣገዳስነቱ ይሕብር። ንኣብነት፣ "ንልለይ" ኣብ ዝብል ደርፊ ከይኒት ኤደን ገ.ስላሴ፣ "ከም ወርቂ ትዅላዕ" ዝብል ምህላዉ ጥራሕ እንተይኮነ፣ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተሓበረ፣ ቅያ እቲ ህዝቢ ቅያ መንነትን መስዋእትን ምዃኑን እዚ ድማ እናደመቐ ዝነብር ምዃኑን እዩ።

## 4.4. ወርቂ ከም ተምሳሌትን ዒላማ ኲናትን

### *4.4.1. ወርቂ ከም ተምሳሌት*

ቅድሚ እዚ ክፋል፣ ወርቂ ከም ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ወይ ኣብ ትግራይ ዝርከብ ክቡር ማዕድን ከምኡ እውን ንካልእ ክቡር ዋጋ ዘወሃቦ ሃብቲ፣ እሴት፣ ታሪኽ ተንክፍ ፍፃመን ብኣውራ ድማ ነቲ ሰራሕ ተኣምር ዝኾነ ህዝቢ ብሓፈሻ ከም ዝውክል ተሓቢሩ። በዚ መሰረት፣ ትግራይ ንማእኸላይ መንግስቲ እታ ሃገር፣ ካብ እትልእኾ ዓመታዊ እቶት እቲ ዝለዓለ ወርቂ ምዃኑ ይፍለጥ። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ኣብ ድሮ እቲ ዕላዊ ወራር፣ እሞ ድማ፣ ዓመታዊ ፈሰስ ብብርኪ ተወከልቲ ህዝብታት ናብ ትግራይ ከዒለኣኽ እናተወሰነ፣ ማዕከናት ፌደራል መንግስቲ "ካብ ትግራይ ክኣትው ዝነበሮ ወርቂ ምንካዩ" ከም ፀገም ዘጋውሓሉ ሰሙን ነይሩ።

እቲ ክባር ማዕድን ኮነ እቲ ቃል ዘለዎ ውሳኽ ፍታሕን ተምሳሌትን ካብ ተለዓለ፣ ምግበይ (2013፣ U) በቲ ዝሕንሕን ድምፁ፣ ንምድሪ ትግራይን ነቲ ህዝብን ብኸምዚ ዝስዕብ ብምምስሳልን ብቐጥታን "ወርቂ" ምባሉ ይዝከር፦

ዓዱትን ዛናን፣ እቲ ወርቂ ዝኾነ መሬትና፤ እንዳ ማርያምን ናዕዴርን ተንቤንን፣ እቲ ወርቂ ዝኾነ መሬትና፤ ራያን እንደርታን፣ እቲ ወርቂ ዝኾነ መሬትና፤ ውቕሮን ዓዲ ግራትን፣ እቲ ወርቂ ዝኾነ መሬትና፤ እቲ ናይ ጅግንነት መግለፂ ዝኾነ ጎቦታት ዓድዋ፣ እንዳ ኣማዕደና ተደፊእና ኢና፤ ሕዚ ግን ኣይንድፋእን።

... ትግራዋይ ምዃን የድልይ። ትግራዋይ መን እዩ? ካብ ጫፍ ራያ፣ ክሳብ ጫፍ ሑመራ [...] ብዋናኡ ከዓ እቲ ህዝቢ ናትና እዩ። ወርቂ ሕዝቢ ከዓ እዩ እዚ ህዝቢ።

እዚ ብዓል ብዙሕ ፍረ ነገር ጥቕሲ፣ እቶም ኣብቲ እዋን መደረ ብቐጥታ ዝከታተሉ ተጋደልቲ ኮኑ ኵሎም ትግራውያን ንሕድሕድ ክፋል እታ መሬትን ኣብ ዝኾነ ስፍራ ንዝነበሩን ብዘይ ኣፈላላይ ከምቲ ክቡር ወርቂ ክርእዩን ምእንተ እቲ መሬትን ህዝብን ክቃለሱን ከም ዘለዎም ብርዝነት ይፅውዕ — እቲ ህዝቢ፣ ወርቂ ስለ ዝኾነ። እቶም ፀላእቲ ዝምነዩዎ እውን፣ ወርቂ ስለ ዝኾነን ብፍቕርን ሓልዮትን ዝርአይ መረበት ሰብ ታሪኽን ሓብትን ብምዃኑ እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፣ እቶም ተጋደልቲ ኮኑ ካልኦት

ተጋሩ፣ ደቂ ህዝብን ደቂ ትግራይን እዮም እሞ፣ ነቲ መሬትን ነቲ ህዝብን ከኽብሩን ከቐፅሉን ግቡእ እዩ፤ ብኡኡ ድማ ሞሳን ክብርን ይረኽቡ። ኣብ ፍርቂ ነሓሰ 2013 ዓ.ም.፣ ኣብ ዝገበሮ ካልእ መደረ ድማ፣ ተጋሩ ኣንስትዮ ብጅግንነት እንበር በቲ ፀላእቲ ዝሰርቁዎ ወርቂ ከም ዘየዐቅና ብምግላፅ፣ "ህዝቢ ትግራይ ዝነበረ፣ ዘሎን ዝቕፅልን" ከምኡ እውን ሃይማኖታዊ፣ ቅዱስን ቅኑዕን ህዝቢ ይብሎ፤ ነቲ መሬት ድማ "ቅዱስን ብሩኽን"።

ምስቲ ቅድም ዝተጠቐሰ ኣጠማምታ ዝመሳሰል ኣብ ቀረባ ዝተፈነወ ዜና ከም ዘመላኽቶ፣ ክቡርነት ወርቂ ጥራሕ እንተይኮነ፣ ብዝበለፀ እቲ ከም ወርቂ ዝረአን ሰራሕ ቅያ ዝኾነን ሰብ ትግራይ እዩ። ተለቭዥን ትግራይ (17 ነሓሰ፣ 2013) ከም ዝፀብፀቦ፣ ኣብ ፅባሕ በዓል ኣሸንዳ፣ ሓንቲ ነባሪት መቐለ ብስም ኣንስትዮ ተጋደልቲ፣ ልዕሊ 41 ግራም ወርቂ ከም ህያብ ለጊሳ። ብዛዕባ እቲ ህያብ ብኣንደበታ፣ "እታ ዝፈትዋን ኣብ ገዛይ ዘላን ወርቂ፣ ነተን ወርቂ ዝኾና ኣዋልድ እንትንእሰን እዩ" ኢላ። እዚ ነገር፣ እንዳ ተጋሩ ዝርከብ፣ ዝፍተውን ከም ህያብ ዝቐርብን ምኳኑ ይሕብር።

ካብቲ ኣገላልፃ፣ እቲ ተምሳሌት ካብቲ ቁሳዊ ክባር ንብረት፣ ልዑል ዋጋ ዘለዎ ምኳኑ ምርዳእ ይከኣል። እተን ዋዕሮታት ምእንተ ትግራይ ዝቃለሳን ዘዪትካእ ህይወተን ክሳብ ምሃብ ዝተዳለዋን ብምኳነን፣ ልዑል ዋጋ ዘለዎ፣ እቲ ተምሳሌት እንበር እቲ ቁሳዊ ሃብቲ ኣይኮነን። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ እቲ ቁሳዊ ንብረት፣ ኣብ እዋን ሰላም ዝጥረይ እንተሎስ፣ ንመስዋእቲ ቅሩባት ብምኳን ሰላምን ነፃነትን ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ *ዝውርቅዋ* ወይ ዝደምቃን ዘድምቓን ዋዕሮታት ዝወሃብ እዩ እሞ፣ ፍልዩን ብሉፅን ህያብ ይበሃል። እዚ ነገር፣ ከምቲ ጎይታ ነፍሱ (2010)፣ "ታሪኽ ትግራዋይ ድሙቕን ዘይሃስስን እዩ [...] ተኾሊዑን ንዘላለም ክነብር እዩ።" ዝበሎ ይመስል፥ ከም ወርቂ።

### *4.4.2. ወርቂ ከም ዓላማ ኲናት*

ኣብ ዝተፈላለዩ ዘመናት ብባዕዳውያን ሓይልታት ኣብ ትግራይ ዝተኻየዱ ወራራት፣ ብዘይካ ሞትን ስቅያትን ተጋሩ ብዕንወትን ስርቅን ሃብቲ ትግራይ ይፍለጡ። ብሓይልታት ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝተኻየዱ ወራራት እውን ካብቶም ቅድም ዝተሓበሩ ኣዝዮም ዝገደዱ ኣዕናዊ ፍፃመታት ምንባሮም ከም ናይ ዮዲት-ጉዲት፣ ኣሕመድ ግራይ፣ ውቤ፣ ምኒልክ፣ ወዘተ. ኣብነታት እዮም። እቶም ዝተኻየዱ ወራራት፣ ኣብቲ ቅድም ዝተሓበረ ማዕድንን ካልእ ሃብትን ትግራይ፣ ጠመተ ዝገበረ ምኳኑ ካብ ጉድኣትን ሳዕቤናትን እቶም ወራራት ምርዳእ ይከኣል። ከምቲ "ጅግንነት ተጋሩ፣ ፀላእቲ ባዕሎም ይምስክሩ" ዝበሃል፣ ወላ ከምስሉ "ድኻ" ወይ "ዓዲ እምኒ..." ዝብሉ ፅዋታት እንተበሉ፣ እቲ ተግባሮም (ብፍላይ ኣብዚ ናይ ሎሚ ኲናት ዝተረኣየ ጉሕለትን ውድመትን)፣ ናብ ትግራይ ዝወፍሩ ነዚ እውን ምኳኑ ቅሉዕ እዩ።

ብመንፅር ክልሰ ሓሳብ ረባሓይነት ኲናት (ፍትሓውን ርትዓውን ህዝባዊ ቃልሲ ከም ዘሎ ኮይኑ)፣ ኲናት ዝምረፅን ዝካየድን ኵሉ ዓቕምታት ፀላኢ ንምድምሳስ ወይ ንምውራስ እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ቀደም፣ ኣብ ተዋጋእቲ ሓይልታትን ኣፅዋሮምን ጥራይ ዒላማ ብምግባር እንተይኮነ፣ እቲ ሓይሊ ዝነብረሉ ከባቢ ከምኡ እውን ሃብትን ሕዝብን ብዘይ ኣፋላላይን ብስልታውን ኣገባብ ብምዝማት፣ ምንብርካኽን ምድምሳሰን እዩ። እዚ ነገር፣ ኣመሪካ ምስ ሃገራት ምዕራባዊ ኪዳን ከም ኣ.ኣ. 2003 ኣብ ዒራቕ ዘካየደቶ ዕላማኡ ቅፅበታዊ ፀብለልታ ኣብ ፀላኢ ንምርካብ ብመሰተንክራዊ ምርኢት ሓይሊ ወይ "መርዕድ ወመደንግፅ" ሜላ ውግእ ይምሰል። ራሻ ኣብ ቸቺንያን ዩክረይንን ተመሳሳላይ ስልቲ ምኽያዳ ይፍለጥ። ብሓፂሩ፣ ኲናት፣ ኣብ መልክዓ ምድሪ ፀላኢ ዝርከብ ሓይልን ዓቕምን ንምሕዳግን ንምድምሳስን ዝካየድ ፍፃመ እዩ። በዚ መንፅር፣ እቶም ፀላእቲ ትግራይ ብስም "ጁንታ"፣ "ሃብቲ ሕወሓት"፣ "ወፍሪ ሕጊ ምኽባር" ወይ "ምድሓን ሃገር"፣ ወዘተ. ኣብ ኵሉ ሃብትን ዓቕምን ትግራይ ወራር ምክያዶም ምስቲ ኣብ ቀረባ ኣብ ካልኦት ክፋላት ዓለም (ዒራቕ፣ ሰርብያ፣ ሊብያ፣ ሶርያ፣...) ዝካየድ ዝፀነሐን ዝርከብን እዩ እሞ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝብን ብሓፈሻ ኣብ መንፈሳውን ቁሳውን ሃብቲ ዒላማ እንተ ገበረ፣ ዝገርም ኣይኮነን።

ፀላእቲ ትግራይ፣ ኣብ ትግራይ ወራራት ዘካይዱሉ ሓደ ምኽንያት፣ ካብቲ ዘወናውን ሃብቲ ንምዝማት ምኽኑ ዝተፈላለዩ ኣብነታት ኣለዉ። ደብተራ ፍስሓ (1890፣ ገፅ ፷፱፣ ፻፴፮)፣ ባዕሎም ኣብ ዝነበሩሉ እዋን "ኣብ ማዕዶ ተከዘ ዘለዉ ሓደሓደ ዓያሹ ኣብ ትግራይ፣ ቅርሺ ዘፍሪ ኦም ኣሎ" ዝብል እምነት ከም ዝነበሮምን "...ንትግራይ ዚሳገር ሰብ፣ ኣውራ ንያቱ ቅርሺ ፅዒኑ፣ ንዓዱ ኪምለስ እዩ" ይብሉ። ብኸምዚ ዝበለ፣ ዕሉል እምነት እቶም ፋሉላት ሽፋቱ፣ ጥሪት ትግራይ ቃሕ እንትብሎም ናብ ትግራይ እናኣተዉ ምዝማት ልሙድ ተግባሮም ምንባሩ ይፍለጥ። ንኣብነት፣ ሓፀይ ቴድሮስ ንውቤ ምስ ሰዓረ፣ "...እንካብ ትግራይ ዝኣከቦ ወርቅን ብሩርን [...] ታዕላብ ዜብሉ..." ሃብቲ ምስ ረኣዩ፣ ምሒር ከም ዝተደነቐ ይፍለጥ።

ምንሊክ ሽዋን ሰራዊቱን፣ ናብ ትግራይ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን እውን ብፍላይ ኣብ እንደርታ ዝገደደ ስቅያትን ስርቅን ምንባሩ ይዝንተው። እቶም ወረርቲ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ዝረአይ ኣላዒሎም፣ ዝምንጠል መንጢሎምን ዝፍተሽ ፈቲሾምን "መሰረት እንተይ ገደፉ" (፻፴፮) ዝተሓበአ ከዪህልው ይኹዕቱን ይብንቍሩን ምንባሮም ይንገር። ሃብቲ ትግራይን ቅንኢ ፀላእትን ዝነበረን ዘሎን እዩ እሞ፣ ቅድም ኣብ ዝተጠቐሰት ትግራይ ሃፍታም እያ ደርፊ፣ እቲ ከያኒ፣ ኣብቲ ዝነበረሉ እዋን (1970ታት)፣ ሃዬ ምባሉ፣ ከምዚ ሎሚ ዘጋጠመ ወራር ከዪኸውን እዩ።

ዕጣን 'ውን ኣለና ... ንጫማ ንጨርቂ

ሓፂን 'ውን ኣለና... ነሃስ ይኹን ወርቂ

ፀላኢ ከይወስዶ... ንሓሉው ብጥብቂ።

በቶም ዝተሓበሩ ግሙት ምኽንያታት፣ ኣብቲ ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ወራር እቶም ፀላእቲ ኣብ ሃብቲ ወርቂ ትግራይ ትኹረት ምግባሮም ርዱእ እዩ። ብፍላይ እቶም ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ እንዳ ተሃንደዱን ተዓሚቶምን ናብ ትግራይ ዝመፅኡ ኣሸሓት መናእሰይ "ኣብ ትግራይ ዝተሓበአ ቅርሺ፣ ወርቂ... ኣሎ፤ ደልዩ ዝረኸበ፣ ፍርቂ ንባዕሉ፤ ፍርቂ ንመንግስቲ..." ብዝብል ምትዕሽሻው ምዃኑ ኣብ ማሕበራዊ መርበብ ዝተጠቅዑ ፅሑፋት ይሕብሩ። ብግብሪ ድማ ኣብ ጁባ ሓደ ምሩኽ፣ ምስቲ ዝመንጠሎ ገይፂ፣ ክፋል ኣካል (ጫፍ እዝኒ) ዝተረኸበ ምዃኑ፣ ናይቶም ወረርቲ ኣረሜናዊ መንነትን ቅሉዕ ዕላማን የመላኽት። ብተወሳኺ፣ ኣብ ቀረባ ዝተማረኸ ሽፍታ ኣምሓራ፣ "ንሕናን ትግራይን ዘባእስ የብልናን፤ ንስኻትኩም ወርቂ ኢኹም፤ ንሕና ድማ ፀዓዱ [ሰብ ጣፍ] ኢና..." ምባሉ፣ በቲ በለ በዚ፣ ክንየው እቲ ቀጥታዊ ፍታሕ (ኣብ ሰላም ይኹን ኣብ ኲናት) ወርቂ ትግራይ ምቊማት ስራሖም ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል። እንበኣር ከምቲ "ማይ፣ ነዳዲ ወይ መሬት ዘለዎ፣ ኲናት ኣለዎ" ዝበሃል፣ ኣብ ትግራይ ወርቂ ምህላዉ፣ ኲናት ኣስዒቡ ከም ዝኸውን (ካብቶም ምኽንያታት ከም ዝጥቀስ) ግሙት እዩ።

እቶም ቅድም ዝተሓበሩ ምኽኒታትን ምኽንያታትን ከዒኣኽሉ፣ ሃብቲ ትግራይ ብስርቂ ዝተጠረየ ወይ ናይ "ጁንታ" ወይ "ዘይሕጋዊ ጉጅለ" ብዝብል ምኽኒታት፣ እቲ ንዓመታት ዝሃቀኑዎ ጉሕለትን ውድመትን ኣብ ኵሉ መንፈሳውን ቁሳውን ሃብቲ (ቅርስታት፣ ትካላት፣ ኣብያተ እምነት፣ ዓድታት) ትግራይ ኣውረዶም። ብዘይካ እቲ ማእለያ ዘይብሉ ዕንወትን ካብ ትግራይ ዝተዘመተ ንብረትን፣ እቶም ፀላእቲ፣ ንስርቂ ምምፃኦም ዘረድኡ ዝተፈላለዩ ኣብነታት ኣለዉ። ሓደ፣ እቲ ስርቂ ኮነ፣ እቲ ኣንፃር ሰረቕትን ወረርትን ዝግብር መስተንክራዊ ጅግንነት እውን ዝነበረ፣ ዘሎን ዝቐፀለን ምዃኑ ንምሕባር "ንሕና ካብ ወለድና ኣይንንእስን፤ ንሰም ካብ ወለዶም ኣዒሕሹን!" ዝብሉ ረዘንቲ ፅዋታት ምህላዎም ምስክር እዩ። ብተወሳኺ፣ ምግበይ (2013ለ) "ብሓቅነትናን ማዕተብናን ካብቲ ዝሰረቑዎ ወርቂ ንላዕሊ፣ ዘምሕር መንነት ዘለና ህዝቢ ኢና!" ምባሉ፣ እቶም ፀላእቲ ኣብ ዋና ሃብቲ ትግራይ ጠመተ ምግባሮም ይሕብር፤ ብኡ ኣቢሉ ድማ፣ ካብቲ ኣብ መሬት ዝርከብ ሃብቲ ዝበለፀ ዋጋ ዘለዎ፣ ፀጋ ተጋሩ (ማዕተብ ወይ ሓቅነት) ምዕቃብ ከም ዘድልይ ይፅውዕ። እዚ ኣገላልፃ፣ ምስቲ ቅድም ዝተሓበረ ወርቂ ዝለገሰት ወይዘሮ ዝበለቶ — *ወርቂ ይንእሰን እዩ* — ይመስል።

**5. መደምደምታን ለበዋታትን**

*5.1. መደምደምታ*

ካብ ቀደም ኣትሒዙ፣ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ታሪኽ ደቂ ሰብ፣ ብምኽንያት ዘለዎ ቁሳውን ተፈጥሮኣውን ፅርየትን፣ ወርቂ ልዑል ዋጋ ኣለዎ (ሾነበገ፣ 2010)። እታ ፀሓፊት ከም ትብሎ፣ ፅባቐ፣ ሕብሪ፣ ተዓፃፍነት፣ ከምኡ እውን ዘይምርትን እኒ ደኣ ዘብረቕርቕ ምኳኑ፣ ወርቂ ክቡርን ተጠላብን እዩ። ዋሕዲ እቲ ክቡር ማዕድን እውን ክቡርነት ከም ዝውስኽ ይግለፅ። እቲ ኣብ በዙሓት ባህልታት ልዑል ክብሪ ዘለዎ ማዕድን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ትግራይ ከም ዝርከብን ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ከም ህያብ፣ ጥሪት፣ ገንዘብን ቁስ ገንዘብን ዝተፈላለዩ መጋየፅታትን ኣብ ግልጋሎት ምንባሩን ሎሚ እውን ካብቲ ዝነበረ ብዝተዓፃፀፈ ኣገባብን ኣማራፅታትን ምቕፃሉን ተሓቢሩ። ወርቂ ኣብ ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ ትግራይ፣ ዓብዪ ስፍራ ዘለዎን ዳርጋ ኩሉ ብሃረርታን ብእወንታን ዝርእዮ ዋጋ፣ ክብርን ተምሳሌትን ኣለዎ።

እቲ ዋና ነገር፣ ወርቂ፣ ነቲ መሬትን ነቲ ህዝብን በዚ ምኽንያት ድማ ንህልውና፣ ድሕንነትን ነፃነትን ተጋሩን ትግራይን ኣብ ዝግበር ፍትሓውን ርትዓውን ህዝባዊ ተጋድሎ ንዝቃለሱ ደቂ ህዝቢ (ቀያሕትን ፀለምትን፣ ሓፄታትን ዋዕሮታትን) ከም ዝውክል ካብቲ ሓተታ ምርዳእ ይከኣል። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ እቲ ጀግንነትን ሓቅነትን ዋዕሮታት ትግራይ ልዕሊ እቲ ብሉፅ ማዕድን ዝግለፅ ምኳኑ ብኣፅንዖት ተገሊፁ። በኻልእ ኣገላልፃ፣ እቲ ህዝብን መሬትን ትግራይን እቶም ምእንታኡ ዝቃለሱን ዝብዘዉን ተጋደልትን ብወርቂ ይምሰሉ። በሓፂሩ፣ ተጋድሎኦም ከም ወርቂ ኣብ ሓዊ ዝተፈተነ፣ ዘዪሃስስ ወይ ወትሩ ዝኾላዕ እዩ እሞ፣ ወርቂ እዮም። እቲ እንኮ ህይወቶም ዝህብሉ ህዝብን መሬትን እውን ከምኡ ብምኳኑ፣ እቲ ምፅልላው ክልተ ኣንፈታዊ እዩ።

ምስቲ ዘዪሕለል ደጀን ህዝቢ ብዋዕሮታትን ሓፄታትን ትግራይ ዝስራሕ ምሉእ በኹለኄ መስተንክራዊ ቅያ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ፣ እናተኹለዐ ዝነበረን ዝቐፀለን፣ *ወርቂ ውርሲ* ወይ *ውርሲ ወርቂ ቀዳሞት* ብምኳኑ ንዕኡ ዝውክልን ዝምጥንን ስም፣ ሕላገት ወርቂ ይግበኦ፥ ወርቂ ህዝቢ፣ ወርቂ መሬት፣ ወርቂ ዓዲ።

*5.2. ለበዋታት*

ትግራይ ወይ ብሄራዊ መንነት ተጋሩ ብምንታይ ከም ዝምሰል ወይ ክውከል ከም ዝግባእ ንምፍታሽን ንምእማትን (ብፍላይ ኣብ "ወርቂ" ጠመተ ብምግባር)፣ ዓሚቝ ዳህሳስ ተገይሩ። ኣብቲ ዝቐፀለ ሓተታን ዝተያን፣ ትግራይ ካብ ቀደማ፣ መሬታን ህዝባን ብወርቂ ከም እትምሰልን እትመስልን ብፍላይ

ድማ ምእንተ ሰላም፣ ድሕንነትን ልኣላውነትን ዝቃለሱ ደቂ ህዝቢ ከም ወርቂ ወይ ካብኡ ብዝዛየደ ኣገባብ ከም ዝውከሉ ተራእዩ።

ነቲ ህዝብን መሬትን ወርቂ ምባል ዝነበረን ዘሎን ካብ ኮነ፣ ምስኡ ዝሳነይ ምጡን መልእኽቲ ብምውሳኽ ከም ሕላገት ንምጥቃም ፃዕርታት ምትእትታው ይምከር። እዚ ዝገበር፣ ብዝተፈላለዩ ፀላእቲ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ኣብቲ ህዝብን መሬትን ካብ ዝወረደ መዓት፣ ህልውና ብምርግጋፅ ንቕድሚት ምግስጋስ ኣዝዩ ልዑል ሕራነን ወነን ስለ ዘድልይ፣ ነቲ ሓሳባዊ መንነት ትግራውነት ዝውክል ቁሳውን ተምሳሌታውን ሕላገት ቅቡልን ግቡእን እዩ። ምስ ምጥቃም እቲ ቁሳዊ ሃብቲ፣ እቲ ወርቃዊ ሕብሪ ብዝተፈላለየ ቅድታት ኣብ ዝተፈላለዩ ውፅኢታት ስራሕ (ከም ሻሽ፣ ቆቢዕ፣ ሪባን፣ ክራቫት፣ መቕነት፣ ቁምጣ፣ ከናቲራ፣ ሽፋን ኣፍ፣ መጠምጠም፣ ወዘተ. ዝበሉ ኣልባሳት፤ ከም ሓንባር፣ ቀለበት፣ ሓብሊ፣ ወዘተ. ዝበሉ ውፅኢታት ኣዕናቑ ወይ መጋየፂ ክፍላተ ኣካል፤ መትሐዚ መፍቱሕ፣ መትሐዚ ገንዘብ፣ ቦርሳ፣ ወዘተ. ዘበሉ ኣናእሽቲ ናውቲ፤ ከም ስክርቢቶ፣ ርሳስ፣ ወረቐት ምስክር፣ መትሐዚ መዘክርን ናውቲ ፅሕፈትን፤ ስራሕቲ ሌላን ውዕዋዕን፤ መመላኽዒ ክፋላት ኣብያተ እምነትን ህንፃታትን፣ ወዘተ.) ብምጥቃም፣ ከም መለለዪ ትግራይን ትግራውያንን ምስራፅን ምቕራፅን ይከኣል። ምስቲ ሕብሪ ወይ ዝንቕ ሕብርታት ከከም ዘፈሩ፣ ምጡን ጭርሖ ብምውሳኽ ኣብ ሕውየትን ምብራኽን ትግራይ ኲሉ ዘዝዓቕሙ ከዋፅእን ክዋፃእን ምልዕዓል የድልይ።

ኣብ ኣድላይነት፣ ቅቡልነትን ምሉእነትን እቲ ከም ለበዋ ዝቐረበ ሕላገት፣ መረዳእታ ብምውካስ ተዳህሲሱ። ይኹን እንበር፣ ኣብ ክሊ እዚ ዋኒን፣ ካልኦት ወይ ተወሰኽቲ መረዳእታታትን ድርሳናትን ብምውካስን ብመንፅር ካልእ ወይ ብዙሕ-ዘፈራዊ ኣጠማምታን፣ መፅናዕትታት ምክያድ የድልይ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ኣለሻን ሕርያን ሕላገት ካልኦት መዐቀንታት እውን ስለ ዘለዉ፣ ብመንፅር እቶም ዝተጠቐሱ ኮነ ብኻልኦት መፃናዕትታት ብዝንፀሩ መፍትሕታት ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተሓበረ ምልዕዓል ዝፈጥርን ንቕድሚት ዘምርሽን ሕላገት ምልላይን ብዕቱብ ምጥቃምን ይግባእ።

## ውኩሳት ስራሕቲ


መንፈስ ቅዱስ ኣ.። (፲፱፻፵፰)። *ሓተታ ዘዘርኣ ያዕቆብ ኣክሱማዊ ወወልደ ህይወት እንፍራንዛዊ። ኣስመራ።*

ሙሉ ወርቅ ኪ. ማ.። (2002 ዓ.ም.)። *ምርድዳእ ጥራሕ፡- ግጥምታት ትግርኛ።* መቐለ፡- ሸባ ዩንቨርስቲ ኮለጅ።

ምግበይ ሃ.፣ (ጀነራል)። (11 ነሓሰ፣ 2013 ዓ.ም.፣ ለ)። “ተጋሩ ኢና እሞ” ኣብ እንዳ ስላሰ ዝቐረበ መደረ። ዞባ ሰ. ምዕራብ፣ ትግራይ።

ምግበይ ሃ.፣ (ጀነራል)። (2013 ዓ.ም.፣ ሀ)። "ትግራዋይ ምኸን" ቃለ መሕትት ምስ ድምፂ ወያነ ትግራይ (ድወት)። ሓራ መሬት፣ ትግራይ።

ሰሎሞን ኣ.። (2006 ዓ.ም.)። *ትንፋስ ህዝቢ* (ቑ.1)። Mekelle: Mekelle University Printing Press.

ብስራት ኣ.። (2004 ዓ.ም.)። *ፍኖተ-ገድለ ቅፅ ፩።* ኣ.ኣ.፡- ቤት ሕትመት ሜጋ።

ትካል መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ። (17 ነሓሰ 2013 ዓ.ም.።) *ዕለታዊ ዜና።* መቐለ፡- ትመሓት።

ኣበባው ኪ.። (2018)። ባህላዊ ልምድታት ኣብ ደርፍታት ሕወሓት። ኣብ *The Voice* — The Magazine of College of Social Sciences & Languages,16, 25-29.

ኣባተ ካ.። (2009 ዓ.ም.)። ፅሑፍ መንድቕ ከም መግለፂ ስምዒትን መንነትን። ኣብ *ውፅኢት ክይዲ ሃገረ ለኸ ዋዕላ ባህላዊ እሴታት፣ ፍፃመታትን ሃገር በቑል ፍልጠታትን ትግራይ*። መቐለ፡- ማባት። 388-415።

ኣባተ ካ.። (2013 ዓ.ም.)። ኩናት ትግራይ፡- ጉድኣትን ኣጠማምታን። ኣብ "5ይ ሃገር ለኸ ዓውደ ምርምር ልሳነ ግእዝ" ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ። ዩንቨርስቲ መቐለ፣ መቐለ።

ኣባይ ጊ.። (ጳጉሜን 2013)። ባህሊ ምክእኣል ንወሳናይ ዓወት። ቃለ መሕትት ምስ ትግራይ ሚድያ ሃውስ (ቲ.ኤም.ኤች)።

ካሳ ገ. ሀ.፣ ኢማኑኤል ጋ.። (2000 *ዓ.ም.*)። *መዝገበ ቃላት ትግርኛ።* ኣ.ኣ.፡- ሜጋ ቤት ሕትመት።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ኣካዳሚ። (1989 ዓ.ም.)። *መዝገበ ቃላት ትግርኛ ብትግርኛ።* ኣ.ኣ.፡- ንግድ ማተሚያ ድርጅት።

ገ. ህይወት ባ. (ነጋድራስ)። (፲፱፻፲)። *የነጋድረስ ገብረ ህይወት ባይከዳኝ ስራዎች።* ኣ.ኣ.፡- ኣኣዩ ፕረስ።

ገ. ሚካኤል ኪ. (2008 ዓ.ም.)። *ኪነት ገድሊ።* መቐለ።

*ጋስፓርኒ ገ.* ማ.(ኣባ)። ( ፲፱፻፵፰)። *የኢትዮጵያ ታሪክ።* ኣስመራ።

ግርማ ኤ.። (1991 ዓ.ም.)። *ኣክሱማዊት ፋና ወጊ።* ኣዲስ ኣበባ፡- ሜጋ ማተሚያ ኢንተርፕራይዝ።

ጎይታ ነፍሱ። (2010 ዓ.ም.)። መን ዩ ትግራዋይ? ኣብ http://www.aigaforum.com/amharic-article-2017/who-is-tigrayan.pdf ዝርከብ።

ፍስሐ ጊ. ዓ. (ደብተራ)። (1890፤ 1993 ዓ.ም.)። *ታሪኽ ኢትዮጵያ።* መቐለ፡- ማባት።

(Father) Alvarez, Francesco. (1540). *Narrative of the Portuguese embassy to Abyssinia during the years 1520-1527.* London: Haklyut Society.

Barradas, M. (1634). *Tractatus Tres Historico Geographici: 1634*; A seventieth century historical and geographical account of Tigray, Ethiopia. Weisbaden: Otto Harrosswitz

Chiari, G. P. (2009). *A Comprehensive Guide to Axum and Yeha*. Addis Ababa: Arada Books.

Day, R. (2011). Imitation in Aksumite Coinage & Indian Imitations of Aksumite Coins. *Rosetta.* 9(5), 16-22.

Dongxiang, Li. (2018). A Study of Relationship between Symbols and Cultures from the Perspective of Linguistics. *Advances in Social Science, Education and Humanities Research (ASSEHR),* 184**:** 811-813.

Fairclough, N. (2001). *Language and power* (2nd Ed.). New York: Longman.

Fattovich, R. (2014). The Architecture of Power in Tigray and Eritrea in the 1st millennium BCE — 1st millennium CE. Berlin: Angelika Lohwasser & Pawel Wolf. 95-110.

Haas, C. (2008). Mountain Constantines: The Christianization of Aksum and Iberia. *Journal of Late Antiquity* 1.1 (Spring), 101—126.

Hailemariam M., Mushir A., Zbelo T.M., & Niguse A. (2017). Impacts of artisanal gold mining systems on soil and woody vegetation in the semi-arid environment of northern Ethiopia. *Singapore Journal of Tropical Geography.* 38, 386-401.

Hicks, S., & Taylor, C. (2008). A Complex Terrain of Words and Deeds: discourse, research, and social change. In Cox P., Geisen T., & Green R. (Eds). *Qualitative Research and Social Change*. London: Palgrave Macmillan. 52-81.

Imran, S. (2017). Strengthening the National Identity through Brands. *Advances in Economics and Business*, 5(2), 76-82.

Kolstø, P. (2006). National symbols as signs of unity and division. *Ethnic and Racial Studies,* 29(4), 676-701.

Medway, D., & Warnaby, G. (2014). Whats in a name? Place Branding and Toponymic commodification. Envirnment and Planning, 46, 153-167.

Munro-Hay, S. (1991). *Aksum: An African Civilisation of Late Antiquity*. Edinburgh: Edinburgh University Press.

Pankhurst, R. (2001). Money with a message. In *Selamta — The In-flight Magazine of Ethiopian Airlines.18(3), 56-57.*

Phillips, J. (1997). Punt and Aksum: Egypt and the Horn of Africa. *The Journal of African History*, 38(3), 423-457.

Schoenberger, Erica. (2010). Why is gold valuable? Nature, social power and the value of things. *Cultural geographies*. 18(1), 3–24.

Smiidt, W.G.C., & G.michael N. (2012). Did the gold of the Aksumites originate in Tigray? A report on ongoing research on local traditions of gold mining in Tigray. *Ityopis*. 2, 181-192.

Wiltgren, L. K. (2014). Youth using national symbols in constructing identities. *Journal of Youth Studies*, 17(3), 308-323.